# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.283 | ሓሙስ 27 ሓምለ 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ሌላ ምስ ቤት-ጽሕፈት ካዳስተርን ዕማማቱን

ገጽ 3
"ተሓዳሲ ጸዓት ንምስፋሕ ዘኽእሉ መደባት ንምትግባር. . .





ገጽ 4





"ማስን መልቀስን፥ ጥልቀት ስነ-ግጥሚ ሃገርና ክጽናዕ ካብ ...

ገጽ 5
"እዋን!"





ገጽ 7
ደንደንን ኣስመራ ቢራን ዓወት ኣመዝጊበን




# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን ንምስታፍ ናብ ሩስያ ገይሾ



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብዕድመ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን፡ ኣብ ካልኣይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን ንምስታፍ፡ ትማሊ ሰዓት 7፡00 ናይ ንግሆ ናብ ፈደረሽን ሩስያ ገይሹ፡፡ ሰዓት 3፡00 ድሕሪ ቐትሪ ድማ ከተማ ሰይንት ፒተርስበርግ ኣትዩ፡፡

ካልኣይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን ካብ ሎሚ 27 ክሳብ ጽባሕ 28 ሓምለ ኣብ ከተማ ሰይንት ፒተርስበርግ ክቃናዕ እዩ፡፡

ሚኒስትር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሓቢሩ ተጓዒዙ ኣሎ፡፡

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ - ካብ 30 ግንቦት ክሳብ 3 ሰነ 2023 ኣብ ሩስያ ወግዓዊ ምብጻሕ ኣብ ዘፈጸመሉ፡ ፕረዚደንት ፑቲን ኣብ ካልኣይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን ንኸሳትፍ ወግዓዊ ዕድመ ከም ዘቕረበሉ ዝዝከር እዩ፡፡

ቀዳማይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን ካብ 23 ክሳብ 24 ጥቅምቲ 2019 ኣብ ሶቺ - ሩስያ ከምእተቓነዐ ይፍለጥ፡፡

# ባጽዕ - ንሰራሕተኛታት መንግስትን ምም/ከባቢን ምምሕዳራዊ ስልጠና ተዋሂቡ

ምምሕዳር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ባጽዕን ዳህላክን ንዝርከቡ 55 ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስትን ምምሕዳራት ከባቢን ንምሕደራን ውጥንን ዝምልከት ስልጠና ወሃቡ፡፡

እቲ ካብ 12 ክሳብ 20 ሓምለ ዝቐጸለ ትምህርቲ፡ ትርጉምን ኣመዓብልኣን ምሕደራ፡ ወጽኢታዊ ርክብ ኣብ ቦታ ስራሕ፡ ውጥንን ኣጉዳስኡን፡ ምሕደራ ንብረትን ግዝኣቱን፡ ምሕደራ ግዜን ምምዕባል ግዱእ-ርእሲን ዝብሉ ኣርእስትታት ዝሓዘ ነይሩ፡፡

ሓላፊ ኣሃዱ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ መንእሰይ ኣማኑኤል ጉብረብርሃን፡ እቲ ስልጠና - ሞያዊ ዓቕሚ ንምዕባይን ኣቕርቦት ኣገልግሎት ንምምሕያሽን ዝዓለመ ምዃኑን፡ ዛጊት ኣብ ሸውዓተ ንኡሳን ዞባታት ተመሳሳሊ ስልጠናታት ከምእተዋህበን ገሊጹ፡፡

ኣብ ንኡሳን ዞባታት ናቕፋ፡ ኣፎዓብራን ቅሮራን እውን ኣብ ቀረባ መጻኢ ክትግበር ምዃኑ ብዝተወሳኺ ሓቢሩ፡፡

ኣብ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ኣሚን ከተማ፡ ብብእዋኑ ዝውደብ ዘሎ ስልጠናታት፡ ኣብ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ስትራተጂያዊ ውጥን ምርኩስ ዝገበረ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ብዝቐሰምዎ ትምህርቲ ኣፍራይነቶም ከዕብዩን ንሕግበት ተገልገልቲ ክሰርሑን ተላብዩ፡፡

ኣብ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ካብ ወርሒ መጋቢት 2023 ኣትሒዙ ብዝተወደበ መደብ - ዛጊት 214 ኣባላት ሰልጢኖም ኣለዉ፡፡

# ማእከል - ኣብ ምም/ከባቢ ጸዓዘጋ 420 ዜጋታት መሬት ጤሳ ተዓዲሎም

ኣብ ዞባ ማእከል - ምምሕዳር ከባቢ ጸዓዘጋ፡ ዘድሊ ቅጥዕታት ዘማልኡ 148 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 420 ዜጋታት፡ ብ24 ሓምለ መሬት ጤሳ ተዓዲሎም፡፡



ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት፡ ኣብ ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ሓላፊ ጨንፈር መሬት ኣቶ መኮንን ማእሉ፡ እቲ መስርሕ ዕደላ፡ ኣዋጅ መሬት ቁጽሪ 58/1994 ብዘፍቅዶ መሰረት ከምእተኻየደ ገሊጹ፡፡

እቲ መደብ ንኽዕወት ንዘጸዓሩ - ኣመሓደርቲ፡ ኣካበርቲ ዓድን ኮሚቴ ጤሳን ድማ ኣመስጊኑ፡፡

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ በርክ ኣቶ ተስፉ ፍስሓጽዮን እውን፡ ኑቶም መሬት ጤሳ ዝወሰዱ ዜጋታት የዋናኡ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ'ቲ ዝድለ መዓላ ከውዕልዎ ተላብዩ፡፡

# ኣብ ሸዕብ፡ ሓመድን ማይን ንምዕቃብ ይስራሓሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሸዕብ፡ ሓረስቶት ምምሕዳራት ከባቢ ቲሉክን ደቡብ መንሸብን፡ ካብ ከበሳታት ዝወርድ ማይ ናብ ሕርሻዊ ጥቕሚ ንምውዓል፡ ብጉልበት ሰብን ኣብዑርን - ዓምዓት መእለዪ ውሒጅን ይጽግኑ ኣለዉ፡፡

ዛጊት 3,550 ሜትር ክዩብ ዓምዓም ከምእተጸገነ፡ ኣመሓዳሪ ምም/ከባቢ ቲሉክ ኣቶ መሓመድ እድሪስ ሓምዳን ሓቢሩ፡፡

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ደቡብ መንሸብ እውን ብተመሳሳሊ፡ ሰፊሕ መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ተሰላሲሉ፡፡

ሓላፊ ኣሃዱ ቀኒጠባዊ ልምዓት ኣቶ ሙሳ ኢብራሂም፡ ሓረስቶት ዝርኣይዎ ዘለዉ ምትሕብባርን ወህደትን ሞጒሱ፡፡

# ሌላ ምስ ቤት-ጽሕፈት ካዳስተርን ዕማማቱን

## ብቤት-ጽሕፈት ካዳስተር (ሚ.መ.ማ.ኣ) ዝተዳለዉ ጽሑፋት

### 1. ካዳስትራዊ ስርዓት-ምዝገባ፣ ኣመዓባብላኡን ኣገዳስነቱን ኣብ ሃገርና

#### 1.1 ኣገዳስነት ካዳስትራዊ ምዝገባ

ካዳስተር ማለት ኣብ ቃጽየ ዝተመርኮሰ፣ ሓደ መልክዕ ናይ መሬት ስርዓት-ሓበሬታ እዩ። ቃጽየ ወሰኑን ስፍሓትን፣ ፍሉጥ ወናኒ ወይ ተጠቃሚን መዳውብትን ዘለዎ መሬት እዩ። ምዝገባ ብቐሊል ቋንቋ ኣብ መዝገብ ምስፋር ማለት'ዩ። ምዝገባ መሬት ማለት ከኣ ምምዝጋብ ማሰል ተጠቃምነት ወይ ዋንነት መሬት ወይ ማስርሕ ሰነዳ ማሰላት ኣብ መሬት ብመልክዕ ምዝገባ ውዕላት እዩ። ብመሰረት ኣዋጅ መሬት፣ መሬት ናይ መንግስቲ ብምዃኑ ማሰል ተጠቃምነት ኣብ መሬት እዩ ዝምዝገብ። ብሓፈሻኡ ካዳስተር ኣብ ዋንነት ወይ ተጠቃምነት፣ ክብሪ ቀዋሚ ንብረት፣ ኣጠቓቕማ መሬት ወዘተ. የተኩር። ብኣውራኡ ድማ ንምሕደራ መሬት የገልግል። ግቡእ ምሕደራ መሬትን ሃብታን ንክህሉ ኣቕዲሙ መሬትን ካልእ ቀዋሚ ንብረትን ክምዝገብ ኣለዎ። ምዝገባ መሬት ይኹን ካዳስትራዊ ምዝገባ - ሕጋዊ ተፈላጥነት ማሰል ይህብ፣ ኣብ ማስርሕ ምዝገባ ጉድለት ምእንቲ ከየጋጥም ግን ልዑል ጥንቃቐ ክግበር ይሕተት።

ካዳስተር ምስ ምዝገባ መሬት ተመሳሳሊ እዩ። ምኽንያቱ ክልቲኦም ብዛዕባ መዋዕቢቲ መሬት ስለ ዝምልከቱ። ይኹን'ምበር፦ ምዝገባ መሬት ብተጠቃምነት ወይ (ዋንነት-ብሕታዊ ዋንነት መሬት ኣብ ዘለዎ ሃገራት) ዝተዓደለ መሬት ከተኩር እንከሎ፣ ካዳስተር ግን ብሓፈሻኡ ብዋንነት ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተደኮነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወይ ብተጠቃምነት ንዝተዓደለ ቃጽየ መሬት ጥራይ ዘይኮነ ዝይተዓደለ መሬት መንግስትን ኪዋኣ'ውን ብኣጠቓቕማ (መዓላ) መሬት ዝተሰለየ ቦታታት ከም (ንሕርሻ፣ መጋሆጫ፣ ዕደና፣ ስነ-ጥንታዊ ቦታታት፣ ከተማ ወዘተ..) ወይ ዝተሓዝአ'ውን የተኩር እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ካዳስትራዊ ምዝገባ ብማሰል ተጠቃምነት መሬት ዘይተዓደለ'ውን ይምልከቶ እዩ።

ካዳስተር ኣብ ቃጽየ ዝተመርኮሰ ስርዓት ሓበሬታ መሬት እዩ - ንጽሑፋውን ስእላውን ሓበሬታ ድማ የጠቓልል። እዚ ሓበሬታ'ዚ ብዛዕባ ተጠቃሚ መሬት፣ ስፍሓት መሬት፣ መዓላ መሬት፣ ዝርከበሉ ጂኦግራፊያዊ ቦታ፣ መዳውብቲ ቃጽየ መሬት፣ መለለዪ ቍጽሪ መሬት፣ ፕላን ህንጻ፣ ካዳስትራዊ ካርታ ወዘተ. . የጠቓልል። ካዳስትራዊ ምዝገባ ዝሓዞ ሓበሬታ ንምሕደራ መሬትን ካልእ ቀዋሚ ንብረትን ምእንቲ ከገልግል፣ እቲ ምዝገባ ንምሉእ ሃገር ክሽፍን ኣለዎ። እዚ ማለት፣ እቲ ስርዓት-ምዝገባ ግድነታዊ ኮይኑ፣ ኩሉ መሬትን ካልእ ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተደኮነ ቀዋሚ ንብረትን ክምዝገብ ክኽእል ኣለዎ ማለት'ዩ።

ካዳስትራዊ ምዝገባ፣ ብዙሕ ረብሓታት ኣለዎ። ካብ ረብሓታቱ ገለ ንምጥቃስ-

- ርግጸኛ ማሰል ተጠቃምነት መሬትን ዋንነት ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተደኮነ ቀዋሚ ንብረትን፣ ከም ሕጋዊ መርትዖ የገልግል። ምዝገባ ንዋንኡ ርእሱ ሕጋዊ ተፈላጥነት'ዩ ዝህብ።

- ብመገዲ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ዝተመዝገበ ቀዋሚ ንብረት (ህንጻ)፣ ዋና ንብረት ብትሕጃ ካብ ባንክ ልቓሕ ክረክብ ይኽእል። ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ዘይተመዝገበ ንብረት ግን፣ ንልቓሕ ኣየገልግልን እዩ።

- ምዝገባ፣ ሕጋዊ ተፈላጥነት ብምሃብ ምስ መሬትን ንብረትን ዝተኣሳሰር ብልሽውና ወይ ምስሕሓብ የውሕድ። ምኽንያቱ፣ ሕጋዊ መርትዖ፣ ንምድንጋር ነቓዕ ስለ ዘኸልእ።

- ካዳስትራዊ ምዝገባ፣ ውሕስነት ዋንነት ንብረት ወይ ማሰል ተጠቃምነት መሬት ብምርግጋጽ፣ ኣብ መሬት ዝያዳ ወፍሪ ክግበር የተባብዕ። ብማሰል ተጠቃምነት ዝተዓደለ መሬት ናይ 'ዋንነት' ምትእምማን ብምሕዳር፣ ኣብ መሬት ዝያዳ ጻዕርን ወፍርን ክግበር ስለ ዝድርኽ።

- ካዳስትራዊ ምዝገባ፣ ኣብ ምሕንጻጽ ፖሊሲ ምሕደራ መሬት ኣድላዪ ዝኾነ ቅኑዕን እዋናውን እስታቲስቲካዊ ሓበሬታ ንላዕለዎት ሓለፍቲ ይህብ።

- ካዳስትራዊ ምዝገባ ንፍሉጥ ወናኒ ወይ ተጠቃሚ ሕጋውነት ስለ ዘልብሶ፣ ፍሉጥ ስፍሓትን መዳውብትን ስለ ዘለዎ፣ ኣብ ኣብያተ-ፍርዲ ክመጽእ ዝኽእል ዘየድሲ ምስሕሓባትን ክርክራትን መሬትን ንብረትን ብምውሓድ፣ ክብደት ስራሕ የቃልል።

- ካዳስትራዊ ምዝገባ፣ ስሉጥ ምትሕልላፍ ንብረት የረጋግጽ። ኣቕዲሙ ኣብ ቤ/ጽ-ካዳስተር ተመዝጊቡ ዝጸንሐ ንብረት፣ ብመሸጣ ይኹን ካልእ ኣገባብ ናብ ካልእ ክተሓላለፍ ኣይድንጎን'ዩ። ከይተመዝገበ እንተጸኒሑ ግን፣ ፈለማ ብናይ መጀመርታ ኣጥረዩ ስለ ዝምዝገብ ይድንጎ።

- ኣታዊታት መንግስቲ የሳዕብ። ብዓብኡ፣ መንግስቲ ካብ ዝተመዝገበ መሬት ብማሰል ተጠቃምነት ዝተዓደለ፣ ንግዳዊ ሕርሻ ይኹን ካልእ ቀዋሚ ንብረት ብሰሩዕ ዓመታዊ ግብሪን ክራይን መሬት ኣብ ግዜኡ ክእከብ የኽእሎ። ካብ ካዳስትራዊ ኣገልግሎታት ዝርከብ ኣታዊ'ውን ወሒዱ ኣይኮነን።

- ንምሕደራ መሬትን ካልእ ቀዋሚ ንብረትን የገልግል። መሬት ስፍሓቱ ወሰኑን ድሩት ሃብትን ብምዃኑ፣ ወዲ ሰብ ብርትዓዊ መንገዲ ከማሓድሮ ይደሊ። ምኽንያቱ፣ እናዓበየ ንዝኸይድ ጠለባት ህዝቢ ንምምላእ፣ ባህርያዊ ኣከባቢ ካብ ምንቅልቓል ንምክልኻል፣ ቀጠባዊ ዕቤትን ኣድማዒ ኣጠቓቕማ መሬትን ንምርግጋጽ ወዘተ. . የኽእል።

- ካዳስትራዊ ምዝገባ፣ ግቡእ ምሕደራ መሬትን ሃብታን ንክህሉን እቶታውነት ገጠራዊ መሬት ንክዓቢ፣ ውሑሰን ቀጻልነት ዘለዎን ምዕባለ ንምርግጋጽን ይሕግዝ።

- ኣብ ምህናጽ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን፣ ብቑዕ ከተማዊ ውጥንን ምዕባለ ትሕተ-ቅርጽን ኣድማዒ ኣከባብያዊ ምሕደራን ንክህሉ ምቹእ ባይታ የጣጥሕ።

ቤ/ጽ ካዳስተር፦ ረብሓታት ካዳስትራዊ ምዝገባ ንኸረጋግጽ ግን ዘበንና - ዘበን 'ተክኖሎጂ ሓበሬታ' ብምዃኑ፣ ብዘበናዊ ተክኖሎጂን ሞያዊ ፍልጠትን ክየኣጥቅ የድልዮ።

#### 1.2 ኣመዓባብላ ካዳስትራዊ ስርዓት

ኣብ ሃገርና፣ ንፈለማ ግዜ ምዝገባ መሬትን ካልእ ዘይንቀሳቐሲ ንብረትን ምስ ምምጻእ መግዛእቲ ኢጣልያ፣ ኣብ ሓምለ 1888 ኣብ ባጽዕ ተጀሚሩ። ካዳስትራዊ ምዝገባ ኣብ ባጽዕ ክካየድ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ከተማ ኣስመራ ድሕሪ ምድኳና ኣብ ሚያዝያ 1902 እቲ ቤት ጽሕፈት ናብኣ ግዒዙ። ክሳብ ሕጂ'ውን ማእከላይ ቦታ ኣብ ኣስመራ ብምዃኑ፣ ዕማማት ምዝገባ ይካየድ ኣሎ። ካዳስትራዊ ምዝገባ ቅድሚ 135 ዓመታት ኣብ ስርዓት-ሕጊ መንግስቲ ኢጣልያ ተመርኲሱ እዩ ተኣታትዩ። ዕላማኡ፣ ውሕስነት ዋንነት መሬትን ካልእ ዘይንቀሳቐሲ ንብረትን (ኣብይቲ) ኢጣልያውያን ሰፋሮ ንምርግጋጽ እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ፣ ሓደ ካብ ቀንዲ ዕላማታት መግዛእቲ ኢጣልያ ንኤርትራ ናይ ሰፋሮ ግዝኣት ንምግባራ ስለ ዝነበረ።

ምስ ምቛም ካዳስትራዊ ምዝገባ፣ ኣድላይነት ውሑስ ሕጋዊ ምትሕልላፍ ዘይንቀሳቐሲ ንብረት ንምርግጋጽ 'ፓብሊክ ኖታሪ' ከም ዝቖውም ተገይሩ። 'ፓብሊክ ኖታሪ'፣ ሓደ ብመንግስታዊ ሕጊ ከምሕልን ንተኣማንነት ሰነዳት ከረጋግጽን ውዕላት ከመሳኽርን ዝተማዘዘ በዓል ስልጣን እዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ ዕማሙ ብዐገብእ ኣብ ምኽያድ፣ ሓያል ሕጋውን ሞራላውን ግዴታ ኣለዎ። ብዙሓት ሰነዳት - ከም ውዕላት ምሻግጋር ዘይንቀሳቐሲ ንብረት ዝኣመሰሉ፦ ሕጋውነት ንኽህልዎም ኣቐዲሞም ብመገዲ ፓብሊክ ኖታሪ ዝተወሃሃሉ ክኾኑ ይግባእ። ድሕሪ ብፓብሊክ ኖታሪ ምርግጋጾም ድማ፣ ናብ ቤ/ጽ - ካዳስተር ንምዝገባ ይምርሑ። ቤ/ጽ ካዳስተር ከኣ፣ ሕጋውነትን ምሉእነትን ሰነዳት ብምርግጋጽ ይምዝገብ። ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ካዳስተርን ንልዕሊ ሓደ ዘበን ናይ ቀረባ ናይ ስራሕ መሓዛት ኮይኖም ሰሪሖም፣ ክሳብ ሕጂ'ውን ኣብ ዞባ ማእከል ይቕጽሉ ኣለዉ።

ብቑዓት 'ፓብሊክ ኖታሪ' (ኣወዓዓልቲ) ንምሕራይ፣ ንኢጣልያዊ ኣማሓዳሪ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ብዝተዋህበ ስልጣን መሰረት ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ኣብ ሰነ 1935 ብመሰረት ሓደሽ ኣዋጅ መንግስቲ ኢጣልያ ቁጽሪ 1649 ተጠናኺሩ - ክሳብ ምጅማር ፌደራላዊ መንግስቲ ኤርትራ ብኢጣልያውያን ተካሊቱ ጸኒሑ። ኣብ ሚያዝያ 1956 ግን፣ ንፓብሊክ ኖታሪ ዝምልከት ዝተመሓየሸ ሕጊ ወጺኡ። ብመሰረት'ዚ ሕጊ'ዚ ንብዙሓ፣ መማዝኢ ብቕዓት፣ ምስራዝ ፍቓድ ወዘተ ዝከታተል ኮሚተ ካብ ቤት ፍርዲ ብምቛም ከም ዝሰርሕ ተገይሩ። ድሕሪ ምፍራስ ፌደረሽን ብሓፈሻ፣ ኣብ እዋን መግዛእታዊ ስርዓት ደርግ ድማ ብፍላይ፣ ኣብያተ-ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ካዳስተርን ከም ትካላት ናይ ምዕናው ፈተነታት ገጢምዎም ነይሩ። እንተኾነ፣ ሰባት ኤርትራውያን ብዘይደይዎ ጻዕሪ ክሰግርዎ ክኢሎም እዮም።

ካዳስትራዊ ምዝገባ፣ ፈለማ ኣብ ኤውሮጳ ኣብ መጀመርታ 19 ክፍለ ዘበን ኣብ ግዜ ሃጼ ናፖልዮን ቦናፓርት ኣብ ፈረንሳ ክጅመር እንከሎ፣ ዕላማኡ ግብሪ መሬት ንምእካብ ነበረ። እዚ ድማ፣ ምስ ሃጼ ናፖልዮን ዝነበሮ ጥሙሕ ግዝኣት ምስፍሕፋሕን ወራርን ንሰራዊቱ ዝኸውን ዕጥቅን ስንቅን ምቕራብን ስለ ዘድልዮ ነበረ። ዘበናዊ ካዳስተር ግን፣ ብዙሕ ዕላማታት ኣለዎ። ብዘሓሉዕላማ ካዳስተር፦ ግብሪ ወይ ክራይ መሬት ንምእካብ፣ ውሕስነት ዋንነት ወይ ተጠቃምነት መሬትን ካልእ ዘይንቀሳቐሲ ንብረትን ንምርግጋጽ፣ ኣጠቓቕማ መሬት ብውጥን ንምምራሕ፣ ግቡእ ምሕደራ መሬትን ሃብታን ንምውሓስ፣ ብትሕጃ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ዝተመዝገበ ቀዋሚ ንብረት ልቓሕ ካብ ባንክ ንምርካብ፣ ካርታ መስመራት ኤለክትሪክ፣ ተሌፎን፣ ማይን ረሳሕ ፈሳሲን ዝሓልፈሉ ከም መወከሲ ንምግልጋል፣ ቁጽራ ህዝቢ ንምውጣን ወዘተ. . የገልግል። ይኹን'ምበር፦ ምስ ታሪኽ፣ ባህልን ያታን ሃገራት ብምዝማድ ኣብ ዓለም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ካዳስተር ይርከቡ።

ኣብ ሃገርና፣ ካዳስትራዊ ስርዓት-ምዝገባ ኣብ ኣሰራርሓኡ ርኡይ ለውጢ ከየምጽአ፣ ኣብ ዝሰዓቡ ከበታት ዝተሓጽረን ኮይኑ ንልዕሊ ሓደ ዘበን ቀጺሉ። ወለንታዊ ብምዃኑ ድማ፣ ብዙሕ ክምዝገብ ዝነበሮ ቀዋሚ ንብረት ከይተመዝገበ ጸኒሑ። ብኻልእ ኣዘራርባ፣ ካዳስትራዊ ምዝገባ ድሩት እዩ ነይሩ። ይኹን'ምበር፦ እቲ ስርዓት-ምዝገባ ናይ ልዕሊ ሓደ ዘበን መዋዕቢቲ ብጽሬት ዓቂቡ ብምጽናሕ፣ ብሎምሽን ኣባይቲ ኣብ ዝተገብረ ምጽራይ ዋንነት ዘይንቀሳቐሲ ንብረት፣ ቤ/ጽ ካዳስተር እቲ ቀንዲ ምንጪ ዘተኣማምን ሓበሬታን መወከስን ኮይኑ ስለዘገልገለ፣ ኣበርክቶኡ ቀሊል ኣይኮነን። ያታ ካዳስትራዊ ስርዓት-ምዝገባ ምህላው እውን ዝዓቐ ትምህርትን ተመኩሮን ኣይኮነን። እዚ ካዳስትራዊ ያታ'ዚ፣ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ዳርጋ ኣይጸንሓን ክበሃል ይከኣል።

ካዳስትራዊ ስርዓት-ምዝገባ፣ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኢጣልያ ተማሲሩ ወለንታዊ ኮይኑ ኣብ ምዕባለኡ ርኡይ ለውጢ ከየምጽአ፣ ኣብ ዝሰዓቡ መግዛእታዊ ስርዓታት እንግሊዝን ኢትዮጵያን እውን ቀጺሉ እዩ። ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ግን፣ ኣብ ግንቦት 1997 መሰረታዊ ለውጢ ኣብ ስርዓት-ምዝገባ መሬትን ካልእ ዘይንቀሳቐሲ ንብረትን ዘተኣታቱን ንምዝገባ ግድነታዊ ዝገብርን ብኣዋጅ ቁጽሪ 95/1997 ዝፍለጥ 'ምዝገባ መሬትን ካልእ ዘይንቀሳቐሲ ንብረትን' ተኣዊጁ ይሰርሓሉ ኣሎ። እዚ ኣዋጅ'ዚ ስልጣንን ሓላፍነትን ቤ/ጽ ካዳስተር ብንጹር ኣሰፊሩ ይርከብ።

ከም ኣብ ብዙሓት ካልኦት ሃገራት፣ መሬት ብሕጊ ከይተመዝገበን ሕጋዊ መለለዪ ቁጽሪ ከይተዋህበሉን ኣይምራሕን እዩ። ድሕሪ ምርሓት ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተሃንጸ ዘይንቀሳቐሲ ንብረት ናይ ህንጻ ወይ መንበሪ ብቕዓት ምስ ረኸበ ጥራይ ክምዝገብ ከም ዘለዎ እዚ ኣዋጅ ይሕብር። ምምስራት ሃገራዊ መዝገብ ናይ መሬትን ኩሉም ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተደኮኑ ቀወምቲ ንብረትን፣ ሓደ ካብ ቀንዲ ዕላማታት ቤ/ጽ ካዳስተር (ሚኒስትሪ መሬት፣ ማይን ኣከባብን) እዩ። እዚ ከኣ ናይ ሃገር ጭቡጥ ሃብቲ (real asset) ምፍላጥ፣ ኣብ ማስርሕ ምውጣንን ግቡእ ምሕደራን ኣድላዪ ስለ ዝኾነ እዩ። ዝ.ዕላማ'ዚ ምእንቲ ከገልግል ድማ እዩ - ካዳስትራዊ ምዝገባ ግድነታዊ ከም ዝኸውን ዝተገበረ።

*- ዝቕጽል ኣርእስትና - ፖሊሲ፣ ዕላማን ስትራተጂን ካዳስትራዊ ምዝገባ ክኸውን እዩ። (ኣብ ናይ ጽባሕ ሕታምና ተኸታተሉ።)*


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
የሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ | ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብተ | ፍርቱና ኤፍሬም
ቀሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322

ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


## ዜና ከረን - 130 ሰራሕተኛታት ብቛንቋ ምልክት ሰልጢኖም

ኣብ ከተማ ከረን ንኣርባዕተ ኣዋርሕ ብቛንቋ ምልክት ዝሰልጠኑ 130 ሰራሕተኛታት ትካላትን ማሕበራትን ብ17 ሓምለ ተመረቑ።

ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት፣ ሓላፊ ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ዞባ ዓንሰባ መምህር ደጀን ዘርኣጋብር፣ ኣገዳስነት ቋንቋ ምልክት ኣብ ምቕላል ጸገማት ጽሙማንን ምውህሃዶም ኣብ ሕብረተሰብን ኣረዲኡ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሃይማኖታዊ ጉዳያት ዞባ ዓንሰባ ኣቶ መሓመድ-ዓሊ ሰዒድ እውን እቲ ትምህርቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ብምዃኑ - ሰልጠንቲ ጽሙማን ወገናት ኣብ ምሕጋዝ ብትግሃት ክሰርሑ ተላብዮም።

ሓላፊ ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ ኣቶ ወልደሚካኤል ስእለ ድማ፣ ዜጋታት ቋንቋ ምልክት ንኽመሃሩ ዘርኣይዎ ዘለዉ ተገዳስነትን ተበግሶን ሞጒሱ።

ማሕበር ጽሙማን ዞባ ዓንሰባ፣ ክሳብ ሕጂ ኣብ ትሽዓተ ኣብያ 450 ዜጋታት ብቛንቋ ምልክት ከም ዘሰልጠነ ተፈሊጡ።



ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# “ተሓዳሲ ጸዓት ንምስፋሕ ዘኽእሉ መደባት ንምትግባር ንሰርሕ ኣለና” ኣቶ ተስፋይ ዘካርያስ



ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይ’ዚ ጽሑፍ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ጸዓትን ማዕድንን ጀነራል ዳይረክተር ክፍሊ ጸዓት ኣቶ ተስፋይ ዘካርያስ፡ ብዛዕባ ስርዓት ቀረብ ጸዓት ሃገርና ብሓፈሻ፡ ኣብ መንጎ ጥሙርን ዘይጥሙርን ስርዓት ቀረብ ጸዓት ዘሎ ፍልልይን ረብሓን ድማ ብፍላይ፡ ኣተኩሩ ናይ ዝሃብና መብርሂ ምእንጋድና ይዝከር። ብዘይካ’ዚ፡ ከኣታት ስርዓት ቀረብ ጸዓት ንምጉልባት፡ መንግስቲ ብመገዲ ተሓዳሲ ኩነ ጥሙር ስርዓት ቀረብ ጸዓት ዘካይዶ ዘሎ ወፍሪን ውጽኢትን እውን ኣቕሪብና ነይርና። ናይ’ዚ ተኻዒሉ ዘሎ ኣርእስቲ ካልኣይን ናይ መወዳእታን ክፋል መብርሂ ኣቶ ተስፋይ ዘካርያስ ድማ፡ ብኸምዚ ዝስዕብ ጸሚቕናዮ ኣለና - ሰናይ ንባብ–




ስርዓት ተሓዳሲ ጸዓት፡ ሓድሽ ቴክኖሎጂ እዩ። ብበእዋኑ ብዝተፈላለየ ትካላት ዝፈሪ ናይ ንፋስ ይኹን ጸሓይ እናማዕበለን እናተመሓየሸን ይኸይድ ምህላዉ እንፅዞ ዘለና እዩ። ማዕረ ማዕረኡ ምስ ምዕባለን ርቀትን እዚም ዝተጠቕሱ ተሓደስቲ ስርዓት ቀረብ ጸዓት ዝሃቡ ስልጠናታት ክተዩድ ግድን ይኸውን። ሚኒስትሪ ጸዓትን ማዕድንን ክኢላዊ ዓቕሚ ሰብ ኣብ’ዚ ዓውዲ ንምጉልባት ብውሽጣዊ ዓቕሙን ንደገ ብምልኣኽን ብኽልተ ኣገባብ ስልጠናታት የካይድ እዩ። ሰራሕተ እቲ ክፍሊ ከምዝመልከቶ፡ ቀዳማይ ሕጂ ብውሽጣዊ ዓቕሙ ብኽልስ ሓሳብን ግብርን ዝተሰነየ ካብ A ክሳብ D ደረጃ መለክዒ ዘለዎም ስልጠናታት ኣካይዱ።

ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ጀነሬተር ተጠቒምካ ብዓዲ ዝፈሪ ጸዓት እናኸበደ ይኸይድ ኣሎ። እዚ ዘቃልል ኣብ’ዚ እዋን ብብዙሓት ሃገራት ትኹረት ተዋፊሮም ዝሰርሓሉ ዘሎ ከኣ ተጠቃምነት ተተካኢ ወይ ተሓዳሲ ጸዓት እዩ፡ ኣብ ሃገርና እውን እዚ ዕድል ብዝግባእ ንምጥቃሙ ብመንግስቲ ልዑል ግምት

ጥንቃቐ ክገብሩ ይግባእ። “ቁርበት መዓስ ተቐዲዱ ኣብ ምንፍሓ፡ ኢዩ-ኣብ ምንፍሓ ኣብ ምጥባሓ” ከምዝበሃል፡ ውልቀ ሰብ ይኹን ትካላት ክተኽልዎ ዝሓሰቡ ሶላር ዕድመ ኣገልግሎት ክህልዎ፡ ካብ ምግዛኡ ክሳብ ምትካሉ ጥንቃቐ ዝሓትት እዩ። ቡቶም ቡቲ ዓውዲ ዝሰልጠኑ ሞያውያን ክዋድድዎ እውን ኣለዎም። ብወገን ክፍሊ ጸዓት፡ ሚኒስትሪ ጸዓትን ማዕድንን እዚ ግምት ብምሃብ፡ ብዛዕባ’ዚ ክእለት ዘለዎ ዓቕሚ ሰብ ንምፍራይ ኣብ ቀጻሊ ጻዕሪ ይርከብ፡ ክሳብ ሕጂ ልዕሊ 100 ሰራሕተኛታት ክፍሊ ጸዓትን ካልኦት ናይ ዝተፈላለየ ትካላት መንግስቲን ውልቀሰባትን ኣሰልጢኑ ኣብ ስራሕ ከውፍር ክኢሉ ኣሎ።

ካብ’ዚኣቶም ዝተሓተ ደረጃ D፡ ካብኡ ክብ ዝበለ ከኣ ደረጃ C ዘለዎም እዮም። እዚኣቶም ምትካል ጥራይ ዘይኮኑ ክንደይ መብራህቲ ተለቢዥን ሓጻቢት፡ ፍሪጅ፡ ዝጠልብኡ ሃልኪ ናይ ጸዓት፡ ሞተር ፓምፕ ወዘተ. ክንደይ ጸዓት ዝሓትቱ ናውቲ ኣለዉ? እንታይን ክንደይን ዓቕምን ደረጃን ተተካኢ ጸዓት ዘፍርዩ ኣቕሑ ወሰናም ብመጸናዕቲ

ተዋፊሮም ክሰርሓሉ ጀሚሮም ኣለዉ። ናይ’ዚ ኣብነት፡ ብርክት ዝበሉ ትካላት መንግስቲን ውልቀ ሰባትን ከም ኣማራጺ፡ ኣቓልቦኦም ናብ ተሓዳሲ ጸዓት ይገብሩ ኣለዉ። እዚ ንምስላጥ፡ ክፍሊ ጸዓት ገለ ክፋል እቲ ስልጠና ማለት ደረጃታት Cን Dን ብፍሉይ ኣብ ዓውዲ ተሓዳሲ ጸዓት ክሰጥፉ ተባሂሎም ስልጠና ተሰሪዑን ኣብ ባይታ ዘዕጉብ ውጽኢት ተመዝጊቡዎን እዩ።

ውልቃዊ ተበግሶ ተጠቃምነት ተተካኢ ጸዓት ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ እናዓዘዘ ይኸይድ ብምህላዉ፡ በዚ ምኽንያት ጠለብ ናውቲ ተሓዳሲ ጸዓት ዝኾኑ ፓንል፡ ባተሪ ኢንቨርተርን ካልእን ይዛየድ ኣሎ። ስለ’ዚ ደለይቲ፡ ናውቲ ተሓዳሲ ጸዓት ክገዝኡ ኣብ ዝደልዩሉ ግዜ፡ ልዑል ዝተደገፈ ጽፋፍን ዘየወላውልን ሓበሬታ እውን ዝሀቡ እዮም።

ክፍሊ ጸዓት ከምዚ ዓይነት ስልጠና ክውድብ ዝተበገሰሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ተገልገልቲ ትሕተን ልዕለን ናውቲ ተሓዳሲ ጸዓት ዓዲንም ኣደዳ ክሳራ ካብ ምኳን ንምግልጋል ተሓሲቡ ዝተወሰደ ስጉምቲ እዩ። እቶም በዚ ዓውዲ ዝሰልጠኑ ውልቀሰባት፡ ኣብ ሕብረተሰብ ተዘርጊሖም ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ዝርከቡ ክኾኑ ከለዉ፡ እቶም ኣብ ትካላት መንግስቲ ዝሰርሑ ግን፡ ኣብ ስራሕ ብዕምቆት ንኽፈልጥዎን ብቕዓት ከማዕብሉን ተባሂሉ ብቐጻሊ ተሓዳሲ ኮርሳት ዝወሰዱ እዮም። እዚ ከኣ፡ በብመድረኾም ዝግለጹ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ንደገ ብምልኣኽን ቀጻሊ ጻዕሪ ይካየደሉ።

ኣብ ውሽጢ ሃገር እቲ እዚ ዕማም’ዚ ዘካይድ፡ “ማእከል ስልጠና ተተካኢ ጸዓት” ዝበሃል ኣብ ውሽጢ እቲ ሚኒስትሪ ዝተማስረተ ትካል እዩ። ኣብ’ዚ ስልጠና ኣብ ውሽጢ ኣእቲኻ ዝርኣ ጸገም እዩ፡ ጸገም ኣብ ከም በዓል ዓረዛን ማይድማን ዓበይቲ መደብራት ፕሮጀክት ጸዓት ብልሽት ኣብ ዘጋጥመሉ፡ ብውሽጣዊ ዓቕሚ ደቂ ሃገር ንምጽጋን ዘኽእል ብቕዓት ክድለብ ኣለዎ። ክፍሊ ጸዓት እዚ ሃንፍ’ዚ ንምምላእ፡ ደረጃ ፍልጠት ኣብ ዓውዲ ጸገም ናውቲ ተሓዳሲ ጸዓት ንምብራኽ፡ ኣብ ምትካል ኣብዚም ዝተጠቕሱ ከበቢታት ዝተደኩኑ መደብራት ተሓዳሲ ጸዓት ምስ ክኢላታት ናይ ወጻኢ ከምዝሳተፉ ተገይሩ። ጽቡቕ ውጽኢት ኸኣ ተመዝጊቡ። በዚ ድማ ኣብቶም መደብራት ዘጋጥሙ ጸገማት ኣብ ምፍታሕ ልዑል ግደ ይጻወቱ ኣለዉ። ናይ’ዚ ኣብነት ኣብ ዝሓለፈ እዋን ኣብቶም ዝተጠቕሱ መደብራት ጸዓት ዘጋጠሙ ጸገማት ነይሮም፡ ብቶም ግብራዊ ስራሕ ዝቐሰሙ ኣባላት ክፍሊ ጸዓት ድማ ከምዝፍታሕ ተገይሩ።

ካልእ ንደገ ብምልኣኽ ዝግበር ስልጠና እዩ፡ እዚ መደብ ብኽልተ ኣገባብ ይካየድ። ብስልጠናን ኣካዳምያዊ ማሕደረ ትምህርትን። ድሮ’ውን ብኽልቲኡ መደብ ብርክት ዝበሉ ኣባላት ክፍሊ ጸዓት ኣብ ቻይናን ህንድን ስልጢኖምን ተማሂሮምን ተመሊሶም ኣብ ወፍሪ ተሓዳሲ ጸዓት ልዑል

ግደ ይጻወቱ ኣለዉ። እቲ ብስሩዕ ትምህርቲ (ብኣካዳሚ) ዝወሃብ ክሳብ ብደረጃ ማስተርስ ዝበጽሕ እዩ። ክፍሊ ጸዓት ኣብ መዳይ ተሓዳሲ ጸዓት ዘለዎ ሃንፋት ኣብ ምምላእ ከኣ ኣበርክቶ ይገብር ኣሎ። ብዘይካ’ዚ፡ እቶም ዝተማህሩ ኮይኖም ዘይተማህሩ ስለዝምህሩ፡ ክፍሊ ጸዓት፡ ኣብ ምምዕባል ሞያዊ ዓቕሚ ሰብ ብሓፈሻ፡ ኣብ ዓውዲ ተሓዳሲ ጸዓት ድማ ብፍላይ፡ ክኢላዊ ዓቕሚ ሰብ ኣብ ምጉልባት ይርከብ።

ጉዳይ ጽገና ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ክበጽሕ ግን ብዙሕ ስራሕን ጻዕርን ዝሓትት ዕማም ምዃኑ ርዱእ እዩ። እዚ ንምህናጽ ደረጃ ብደረጃ ዝበጽሕ ምቹም ድልዱል ማሰረት ዘለዎ ትካል የድሊ። ካብ ኣብ ሃገርና ንመፍረ ጸዓት ዘገልግሉ ከም ፓንል፡ ባትሪ፡ ኢንቨርተር…ወዘተ. ዝኣመሰሉ ናውቲ ተሓዳሲ ጸዓት ምፍራይ ኣይተበጽሐን። ምስ ጸገና ዝተኣሳሰረ ግን ደሓን ዝኾነ ደረጃ ፍልጠትን ክእለትን ተጠርዩ ኣሎ። ከም ውጽኢት ናይ’ዚ ድማ ኣብ’ዚ ዓውዲ ዘጋጥሙ ሽግራት ብዓቕምኻ ክትፈትሖ ምኽኣል ዓቢ ዓወት እዩ።

መደብ መንግስቲ ኣብ ወፍሪ ተሓዳሲ ጸዓት እንታይ ይመስል? ኣበርክቶ ብሕታውያን ኣውፈርቲ ብኸመይ ይግለጽ? ዝብል ሕቶ ምምላስ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ምህናጽ ዓበይቲ ፕሮጀክቲታት፡ መደብራት ተሓዳሲ ጸዓት ዓረዛን ማይድማን ዝኢፍ ባጀት ተሰሊዑሎም ዝተደኩኑ እዮም። ኣብ’ዚ፡ ውድብ ልምዓት ሕቡራት ሃገራትን ኤውሮፓዊ ሕብረትን መሻርኽቲ ነይሮም። ከምዚኦም ዝበሉ ዝኢፍ ባጀት ዝሓትቱ ወፍራታት ተሳትፎን ኣበርክቶን መሻርኽቲ ኣገዳሲን ወጽኢታውን ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ክኸውን ግን ኣብ ኣተሓሕዛ ዕቱብነት የድሊ።

ብሕታዊ ወፍሪ ኣብ ልምዓትን ቀጠባዊ ዕቤትን ሃገር ዕዙዝ ግደ ይጻወት። ኣብ ኣዋጅ ኮርፖረሽን ኤለክትሪክ ኤርትራ፡ ኣብ ጽላታት ምምንጫው፡ ምዝርጋሕን ምቕራብን ጸዓት፡ ንዝኾነ ኣውፋሪ ክፉት እዩ። የግዳ ክሳብ ሕጂ ዝተራእየ ብዙሕ ንጥፈት’ኳ እንተዘየሎ፡ ኣብ ቢሻ ብጹሓዊ ጸዓት 7 ሜጋ ዋት ጸዓት ብምፍራይ ነቲ ትካል ዝምግብ ሓደ ትካል ጸዓት ኣሎ። እቲ ትካል ቅድሚ ሕጂ ጸዓት ነዳዲ ተጠቒሙ ዘካይዶ ዝነበረ ምፍራይ ጸዓት፡ ኣብ’ዚ እዋን’ዚ መደበር ተሓዳሲ ጸዓት ሃኒጹ፡ ጸዓት ከፍሪ ምኽኣሉ፡ ንገለ ካብ ወጻኢታቱ ክቕንስ ኣኽኢልዎ ይርከብ።

ምትእትታው ፕሮጀክት ተሓዳሲ ጸዓት፡ ምስ ግዜ መኽሰብ ዝርከቦ ጽላት እዩ። የግዳ ኣብ’ቲ ፈለማ ወፍሪ ክትገብረሉ ዝሓትቶ ባጀት ክኸብድ ከምዝኽእል ዝሰሓት ኣይኮነን። መንግስቲ ግን ኣብ ኩሉ ጽላታት ዘሎቒን ውሑሰን ኣቕርቦት ጠለብት ጸዓት ንምምሕያሽ ከቢድ ዋጋ ይኸፍል ኣሎ። ማዕረ ማዕረ ጥሙር ስርዓት ቀረብ ጸዓት፡ ኣብ ተሓዳሲ ጸዓት ዘካይዶ ዘሎ ሰፊሕ ወፍሪ እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ጥሙር ስርዓት ቀረብ ጸዓት፡ ካብ ሕርጊጎ ብኣስመራ ናብ ከረን መንደፈራን ደቀምሓረን ዝዝርጋሕ ማስመር ጸዓት ኣሎ። እዚ፡ ኣብ ዓዲ-ቐይሕ ንኡስ መደበር እንተደኣ ተሰሪሑሉ፡ ክሳብ ሰንዓፈ፡ ጸሮናን ገለ ክፋል ማይ ዓይኒን ዘርጊሑ፡ ኣገልግሎት ከምዝሁብ ክግበር ዝከኣል እዩ። ግብራዊ ክኸውን ግን፡ ፈለማ ምንጪ መደበር መመንጨዊ ሓይሊ ኤለክትሪክ ሕርጊጎ ክጉልበት ኣለዎ።

ኣብ ደቀምሓረ ክህነጽ መደብ ወጺኡሉ ዘሎ መደበር ተሓዳሲ ጸዓት፡ ምስ ናይ ሕርጊጎ ክጠምር መደብ ኣሎ። እዚ ካብ ዘይጥሙር ናብ መርበብ ጥሙር ጸዓት ዝኣቱ ኩይኑ፡ ነቲ ብመዓልቲ ካብ ሕርጊጎ ዝዝርጋሕ ጸዓት ንምጉልባት ክድግፍ ተባሂሉ ዝወጸ መደብ እዩ። ብዘይካ’ዚ፡ ጀነሬተራት መመንጨዊ ጸዓት ንምጽጋን እውን ኣብ ማስርሕ ኣሎ። እዚ ኹሉ ጻዕሪ ጠለብ ጸዓት ሃገርና ንምምሕያሽ እዩ።

በዚ ኣጋጣሚ፡ ኣብ’ዚ ዓውዲ’ዚ ብውልቂ ይኹን ብብሕታውያን ትካላት ዝግበር ወፍሪ ኣብ ማስርሕ ዕድጊ ናውቲ ተሓዳሲ ጸዓትን ምትካልን ንስቦት ብዘይድጋገሚ ኣደዳ ዘይተደልየ ክሳራ ክገብርዎም ዝርኣ ዘሎ ጌጋታት ስለዝኾኑ እዚ ንምውጋድ፡ ኣብ ማስርሕ ዕድግን ምትካልን ቡቶም ስልጠና ዝወሰዱ ሰባት ክሰላሰል፡ ክፍሊ ጸዓት ሚኒስትሪ ጸዓትን ማዕድንን ኣጥቢቑ ዘመሓላልፎ ለበዋ እዩ።





# ሸባብ

ሃማመተኤ

ሪፓርታዥ

## "ማሰን መልቀስን፡ ጥልቀት ስነ-ግጥሚ ሃገርና ክጽናዕ ካብ ዝድርኽ ጥበብ ኣቦታትና'ዩ።"

- ደራስን ተመራማሪ ባህልን ኣቶ ሰለሞን ጸሃየ

ፍረህይወት ዳኒኤል

ኣዳራሽ ዳዕሮ ከም መቐጸልታ ናይቲ ሰብ ብዙሕ ሞያታት ዓዲማ ናይ ኢሂን ምሂን ኣጋጣሚ እትፈጥር፡ ዝሓለፈ ሰሙን'ውን ብርክት ዝበሉ ዕዱማት ኣጋይሽ ዝሰሓበ ኣርእስቲ'ያ ኣአንጊዳ። እንበኣር ንጋሻና ንምልላይ ከምቲ መራሒ መደብ ዝበሎ "ንነጸላ ክጽዕድወልካ ጻዕዳ ቀለም ምልካይ" ከይከውን ደራሲ ተመራማሪ ከምኡ'ውን ኣቦ ባህሊ ዝኾነ ስነ-ጥበበኛ ሰለሞን ጸሃየ እዩ ኔሩ።

ኣፋዊ ስነ-ግጥሚ፡ ብጽሑፍ ወይ ብኤሌክትሮኒክያዊ መሳርሒ ብዝተመልአ ድምጺ ዘይኮነ፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብኣፍ ክመሓላለፍ ንዝጸንሐ፡ ብቐንዱ ዘዩንብቡ ወይ ዘይጽሕፉ ሰባት ንዝደረሱዎን ዘቕረቡዎን ግጥምታት ብሓፈሻ ዝወሃብ መግለጺ'ዩ። ኣፋዊ ስነ-ግጥሚ ትግርኛ፡ ኣዝዩ ዓቢ ምናልባት'ውን እቲ ዝዓበየ ክፋል ስነ-ጽሑፍ ትግርኛ'ዩ። ብዙሕ ዓይነታትን ዝተፈላለየ ዝውታረን ድማ ኣለዎ። መብዛሕትኡ ብዜማ ወይ ሓደ ዓይነት ቃና ተሰኒዩ ናብ ሰማዕቲ ስለ ዝቐርብ ድማ ኣዘናጋዕን ሰሓብን ይኸውን። ብተጋጣሚ ድምጽታት (ብግጥሚ) ዝበሃል ምኻኑ ድማ ንጽር ኢሉ ኣብ እዝኒ ዝድውልን ተዘካርን ይገብሮ።

ማሰ፡ ኣማሰወ ካብ ዝብል፤ ሞሳ ሃበ፡ ኣመስገነ፡ ወደሰ፡ መጉሰ... ዝትርጉሙ ቃል ዝመንጨወ ብሂል እዩ። እዚ ትርጉም'ዚ፡ ማሰ ክጅምር ከሎ ከምቲ መብዛሕትኡ እዋናት ኣብ ማሰ ወይ ኣውሎ ዝግበር፡ ነቶም ሰብ ውራይ ንምምስጋንን ወይ ንምንኣድ ተባሂሉ ይግጠም ከም ዝነበረ የመልክት። ምስ ግዜ ግን ነዚ ናይ ምምስጋን ወይ ምንኣድ ትርጉም ከይገደፈ፡ ማሰ ንምምዓድ፡ ንምንቃፍ፡ ንምሕባርን ካልእ ብርክት ዝበለ ዕላማታትን እውን ተዘውተረ።

መልቀስ ካብቲ በኸየ፡ ቁዘመ ዝትርጉሙ ኣልቀሰ ዝብል ቃል ዝወጽአ እዩ። ግጥምታቱ ግን ልክዕ ከምቲ ናይ ማሰ ዝተፈላለየ ሓሳባት ዝሓዘለ መልእኽትታት ዝግለጸሉ ደኣ'ምበር፡ ኣብዚ ናይ ቃላዊ መበቁል ዝትርጉሙ ጥራይ ዝተሓጽረ ዘይምኳኑ ኣቶ ሰለሙ ጸሃየ ይገልጽ። ማሰ ወይ ኣውሎ ኣብ መርዓ፡ ጽንብል (ኩቦኩብ)፡ ወፈራ፡ ጥምቀት ወይ ካልእ ናይ ደስደስ ውራይ ብፍሱህ ቃና ተሰንዩ ዝቐርብ ግጥሚ ክኸውን ከሎ፡ መልቀስ ድማ ኣብ ቀብሪ ወይ ዝኾነ ምስ ሞት ዝተኣሳሰር ኣጋጣሚ ብናይ ሓዘን ቃና ዝበሃል ግጥሚ እዩ። እዚ መሰረታዊ ፍልልይ ገዲፍካ ግን ማሰን መልቀስን ሓደ ዓይነት ስነ-ግጥማዊ ቅርጺ እዩ ዘለዎም።

ማሰን መልቀስን ኣብ ሃገርና ኤርትራ ማለት ኣብ ባህሊ ትግርኛ፡ ብሓፈሻኡ ልሙዱን ፍሉጥን ጥበብ'ኳ እንተ ኾነ፡ ኣብ ደረጃ ዝውታረኡ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ገፊሕ ፍልልየት ኣሎ። ማሰኛ/ኣውሎኛ፡ ማሰ/ኣውሎ ክብል ምኻኑ ንኸፍልጥ "ማሰ'ስኪ'ታ ማሰ'ስኪ'ታ ማሰ!" ወይ "ኣውሎ ኣውሎ ኣውሎ ኣውሎ!" ምስ በለ በቲ ኣብ ዳስ ወይ ገዛ ዝርከብ ሰማዒ፡ "ሰዶ ሰዶ ሰዶ!" ወይ ድማ "በሎ በሎ በሎ!" ዝብል መልሲ ይወሃቦ። ናብ መልቀስ፡ ወየን ደጉዓን ምስ ንመጽእ "ወየ!" ወይ "ዋየ!" ብዝብል ናይ ሓዘን ደሃይ ተሰንዩ ይቐርብ።

ኣውሎ ኮፈኾፍ፡ ሓደ ናብ ማሰ ዘሰጋግር ደረጃ እዩ። ኣብቲ ማሰ ዝበሃለሉ ናይ ሓጉስ ውራያት ናይቲ ውራይ ተሳታፊ ህዝቢ በሊዑ ሰትዩ ወኻዕኻዕ ክብል ምስ ጀመረ፡ ማሰ ዝበሃለሉ እዋን ከም ዝኣኸለ ንምሕባር፡ ሓደ ዓቢ ዓዲ ወይ ኪኢላ "ኣውሎ'ስከ'ታ ኣውሎ!" ኢሎም የለዓዕሉዎ። "ሰዶ!" ምስ ተመለሰሎም ድማ ብኾፎም ካብቲ ኣብ ዝኾነ ናይ ደስደስ ውራይ ተደጋጊሙ ዝበሃል ልሙድ፡ ወይ ከኣ ሸው መዓልቲ ወይ ቅነ ካብ ዝኻነፈ ኩነታት ተበጊስካ ዝመሃዝ ሓድሽ ኣውሎ ይብሉ። ካልኦት ሰባት ተቐቢሎም ይምልሱሎም። ድሕሪ'ዚ፡ ጉድናዊ ዕላላት ተገዲፉ ኩሉ ነቲ ናይ ሓባር መኣዲ ማሰ እዝኑ ይጸሉ። ብኸምዚ ነቶም ማሰኛታትን ተዓዘብቶምን ኣረሳሲኑ እዩ'ምበኣር ኣውሎ ኮፈኾፍ ንማሰ መድረኽ ዝገድፈሉ። ግጥምታት ኣውሎ ኮፈኾፍ ሓጸርቲ ምኻኑ ወሲኹ ዘብረሀ ኣቶ ሰለሞን ጸሃየ ከም ደርፌ ብዜማ ተሰንዩ ከም ዝብሃል ንምግላጽ፡ ሓጺር ኣውሎ ኮፈኾፍ ንዕዱማት ጆባእ ኢሉ ነይሩ።

> እዞም ክልተ ማና
> መን ኣራኸበና።
> ማሕለፍያ መውሰቦ
> ለባም ዝሓሰቦ።
> ክልቴና ወርቂ
> ክንዋሰብ ሓቂ።

ከም ኣብነት ናይዚ ማሰን መልቀስን ዘልዕሎ ፍልስፍናውን መንፈሳውን ግድላት፡ ነቲ ማሰኛታት ብዛዕባ ህይወትን ሞትን፡ ሲጋን ነብስን፡ ዝገብርዎ ምምርማር ዘንጸባርቕ ማሰ'ውን ቀሪባ ነይራ። በበግዚኡ ውራያት እናገበሩ ማሰኛታትን ለባማትን ብምዓዳም ኣውሎ ክበሃልን ክንገርን ዘተባብዑ ዝነበሩ ራእሲ ኪዳነማርያም (ዓረዛ) ንዓምር ፍካካ ዓምር ፍካካ ዝበሃሉ፡ ዳቡ (ከባቢ ዑመል) ዝዓዶም ትግረታይ ኣውሎ በሉ ምስ ተባህሉ፤

> ኣንታ ወዲ ገረመስቀል ወርቂ ዘማት
> ወዲ ወንደፍራሽ ወርቂ ዘማት
> ወዲ ሓይለኣብ ወርቂ ዘማት
> ኣሕለፍካየን እተን ጠጥዑማት
> ተረፉኻ ክልተ ሕሱማት
> እታ ሓንቲ እርጋን'ያ እታ ሓንቲ ምማት።

ራእሲ ኪዳነማርያም ነቲ ሸዑ ዝነበርዊ መድረኽ ህይወቶምን ንኹሉ ኣብ እርጋን ዝበጽሐ ዘበለ ሰብ ዝምልከት ኣድማሳዊ ሓቂ ዝገልጽ ማሰ ኣይተ ዓምር ፈካክ ምስ ሰምዑ ኣብ ብርቱዕ ትካዝ ኣተዉ። ልዕሊኡ ክበሃል ዝከኣል ስለ ዘይተራእዮም ከኣ "ይኣክል ድሕሪ እዚ ኣውሎ ዝብል የለን፡" ኢሎም ናይ ሸው መዓልቲ መደብ ኣውሎ ዓጸዉ ይብሃል።

"ማሰኛታት ክንብል ከለና መላቕስቲ'ውን ማለትና እዩ፡" ዝበለ ሰለሞን ናይ ቃና ቃላት ከምኡ'ውን ኣብ ዘውንንዎ ወይ ዘመሓላልፍዎ ክልሰ ሓሳባት ከም ዝፈላለ ገሊጹ። "ማሰ ዝብል የልቅስ እዩ፡ ዘልቕስ'ውን ከምኡ ማሰ ይብል። ከም ኣብ ኩሉ ዓውደ-ሞያታት ደረጃታት ዘሎ፡ እዞም ክልተ ዓውደ-ክእለት እውን ዝፈላለየ ደረጃ ኣሰካላ ዕቤትን ክእለትን ይውንኑ። ንዝተፈላለየ ታሪኻዊ መጽናዕቲ ዓቢ እጃም ዝገብሩ ብ'ተባህለ በሃልቲ' ዝጽውዑ ሰብ ፍሉይ ዝገርም ክእለት ምህላዎም ክዝከር ኣለዎ፡" ክብል ኣብ ማሰን መልቀስን ሓያል መጽናዕቲ ዘቕረበ ኣቶ ሰለሞን ጸሃየ ጸቒጡ ተዛሪቡ። ንዝተማህዘ ንዝተፈጥረ ኣርብዓ ሓምሳ መስመር ግጥሚ ብቓሎም ምስ ላህጃኡ ሸምዲዶም ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ከም ዘሰጋገር ዝገበሩ "ድርድል ኣፋዊ ስነ-ግጥሚ" ምኻኖም'ውን ገሊጹ።

ሕብረተሰብና ነዞም ሰኣን ቀረብን ዕድልን ትምህርቲ ኣብ ኣካዳምያዊ ዓቕሚ ብዙሕ ዘይሰጉሙ ማሰኛታት ኣቦታት፡ ካብ ከባቢኦም ሓሊፉ ኅዶቦ ዝሸፍን ዝነበረ ዓቢ ኣበርክቶኦም፡ ዓቢ ክብሪ ተገዚሞምሉ እዋን ምንባሩ ጠቒሱ። "ኣብ ናይ ቃል ሕብረተሰብ ክትኣምኖ ዘጸግም ቅልጣፈ ውሁድ ቃላት፡ ሰዋሱው ዝሓለወ ሓሳብ፡ ፈጠርቲ፡ ደረስቲ እዮም፡" ዝበለ ኣቶ ሰለሞን፡ ማሰኛታት ኮነ ኣላቓስቲ ኣእምሮኦም ቅልጡፍ ዝኾነ ናይ ምሕሳብ ክእለት ዘማዕበለ ምኻኑ ንተጋባእቲ ሓቢሩ።

መልቀስ ብኣውራኡ ቀባራይ ነቲ ዝበሃል እናሰመዐ ንኸበኪ ተባሂሉ ከም ዝግበር ዝርድእዎ ሰባት ኣለዉ። ትሕዝቶኡ ብዙሕ ግዜ ንቐባራይ ብፍላይ ከኣ ነተን ልበን ተተንኪፈ ዝኾነ ደቀንስትዮ ዘብክን ዘቑዝምን ይኹን እምበር፡ እቲ ቀንዲ ዕላማኡ ነቲ ካብዚ ዓለም ንሓዋሩ ዝሰናበት ዘሎ ሰብ ዝግበኦ መዘከርታ ጌርካ ንምፍናው እዩ። ሓደ መላቀሲ እምበኣር ንመዋቲ ከልቅሰሉ ከሎ፡ ንዝኸሩ፡ መንፈሳዊ ሓወልቲ ይትከል ኣሎ ማለት እዩ። ብእኡ እዩ ድማ፡ እከለ ንእከል ወይ ንእከሊት ዘልቀሰዎ እናተባህለ መልቀስ ተደጋጊሙ ክዝከርን ክንገርን ዝነብር። መልቀስ፡ ንኸበኪ ዘይኮነ፡ ብኣንጻሩ፡ ቀባራይ መልቀስ ክሰምዕ ክብል ብኽያትን ዋጭዋጭን ንኽገድፍ ተባሂሉ እዩ ዝግበር። ከም ኣብነት ናብታ ኣቶ ሰለሞን ጸሃየ ዘቕረባ፡ "ተስፉ ዓርከይ" ትብል ናይ ፍሉጥ ኣውሎኛ ተወልደመድህን ዘበኑ ንፈታዊኦም ኣይተ ተስፉ ወልደጋብር ምስ ሞቱ ዘልቀስዎ፡ ምስ እንምልከት፤

> ተስፉ ዓርከይ ዲዩ'ታ ኣብዚ ዓራት ዘሎ
> ከመዓልካ ተስፉ ብርኪ ሊሎ
> ንዘይሓዉ'ንድዩ ሓወይ ዝብሎ
> እንዳ ራእሲ በራኺ'ኮ ይጥራዓልካ ኣሎ
> እንዳ ኮሚሰራዮ'ውን ይጥራዓልካ ኣሎ
> ዘንግኻን ፈርግኻን ትምልምሎ
> ንብዓል ነገርካ ዕዳ ተኾልኩሎ።
> ተስፉ ዓርከይ ዲዩ ኣብዚ ዓራት ዘሎ
> ነባጅን ዶ ኣባጅን ይቐትሎ
> ረኺብዎ ዶታ ተሃሚሉ ከሎ
> ክላ ግዳ መንበር ኣልዕሎ።

ከባቢ ተዓዚብካ ንሰናይ ዘይበልዎ ያዕ! ምባል ልማዶም ምንባሩ ካብ ዝንገረሎም ሓደ ዓቢ ማሰኛ ነጋሽ ባይራኡ (ነጋሽ ሳግላ) እዮም ኔሮም። ካብቲ ብዙሕ ውሕሉል ጥበብ ዝተሓወሶ ማሰኦም፡ ኣብ እዋኖም ምሕጻር ክዳን ኣዋልድ ጊኒኑ፡ ህዝቢ "ዘይባህልና" እናበለ ይወቅስ ስለ ዝነበረ ነዚ ሓሳብ እዚኣ ሒዞም ማሰ ዝበልዋ፡ ካብታ ኣብ 2012 ዓ.ም. ንሕትመት ዝበቅዓ "ማሰን መልቀስን ቀዳሞት፡ ምስ እኩብ ፍርያት ማሰኛ ነጋሽ ሳግላ" ዝርእስታ መጽሓፉ ነታ "ክዳን ኣይተሕጽሩ" እትብል ማሰ ንዕዱማት ኣቕሪቡ።

> ኣትን ጐራዚ እትመሃራ
> ሓደራኽን ሓደራ ሓደራ
> ካልእ ድላይክን ግበራ
> እዛ ክዳን ግን ግደፋ ኣይተሕጽራ
> መኽበሪትክን ነገር ኣይተሕስራ
> ንቕድም ብዳንጋ ጀሚራ
> ደድሕሪኡ ናብ ሰለፍ ሰጊራ
> ኣብ ኮሙስክን ዓጢቕክን ሽራራ
> እንታይ ገዲፍክናላ ነታ ኣውራ።
> እንተ ኾነ
> ኣውራ ኩሉሳዕ ኣውራ
> ብዘይከኣ የለን ናብራ
> ወላ መዓር ይኹን ወላ እንጌራ
> ኣብ ጅጎ ዓንተቦይ ዘኽበራ
> ብኽልተ እንባ ተሓጺራ
> ተዓዲላ ኣብ ጽኑዕ ሰፊራ
> እምበር ኣብ ርእሲ እንተተኸውን ተፈጢራ
> ኣብ ኢድ እንተተኸውን ተፈጢራ
> ሕሱም ኣስሓይታ ምስ ኣቐረራ
> ጸሓይ ጸመ'ርበዓ ምስ መረራ
> ተቦንቂሳ ምኸደት በሪራ
> ኣጉባዝ ምጨነቖም ምሕባራ
> ደድሕሪኣ ምጸደፉ ኣብ ቋቑራ።
> ንባዕላትክን ክሕሸክን ተመኺራ
> እምበር ንሳስ ሒዛ'ላ ጽቡቕ ስፍራ
> ኣይንስእናን ኣብ ዝነበረት ኔራ
> ንኣና ክትከውንኣ ተፈጢራ።

ኣቶ ነጋሽ ሳግላ፡ ኣብ ማሰን መልቀስን ብዝገበሩዎ ውህሉል ኣበርክቶ ኣብ ፌስቲቫል ኤርትራ 2005 ፍሉይ ሽልማት ተቐቢሎም ምንባሩ ዝገለጸ ኣቶ ሰለሞን ጸሃየ፡ ፌስቲቫል ነዞም ሰብ ዓቢ ፍልጠት ኣቦታት ኣፍልጦ ኣብ ምሃብ ዝነበሮ ዕዙዝ ተራ ዓቢ ምንባሩ ጠቒሱ። "ታሪኽ፡ ቋንቋ፡ ስነ-ትውልዲ፡ ፍልስፍና፡ ሃይማኖት፡ እምነት፡ማሕበራዊ ዝምድናታት፡ ከባብያዊ ፍልጠት ... ኣዝዩ ዓሚቝ ፍልጠት ዝውንኑ ሰብ ሞያ ምኻኖም፡ ስርሖም መሬት ዘይወድቐ ቃላት ሓሳባቶም ምስክር እዩ፡" ዝበለ ኣቶ ሰለሞን፡ ቀጺሉ ሓደ ሓደ ኣብነታት በቲ ሰሓቢ ድምጹ ኣውሎ ማሰ ክብል፣ መናብር ኣዳራሽ መሊእዎ ዝነበረ ዕዱም'ውን እንተ ኾነ ኣይሓመቐን "ሰዶ ሰዶ!" ክዳምጽ ጥዑም ከይተመንወ ተዛዚሙ።



# "እዋን!"

"እዋን. . .!" እዛ ቃል እዚኣ ተረዲኡኪ ደዩ ከይተረደኣኪ - ብዙሕ ግዜ እያ ዘውጽኣ። ከየድሃብኩሉ መዓልታት ክውንጨፍ እንከሎ "እዋእ - እንታይ እዋኑ ድኣ ዕለት 18 በጺሒና!?" ኢብል። እንሓንሳብ ድማ፡ "እታ እዚ እዋን እምበር ምኻድ ኣብዩ?" ክብል ኣቖ'ረምርም። ንቕልጣፈን ምድንጓይን ናይ'ቲ ልሙድ መስርሑ ዘይቅይር ግዜ፡ ልሙድ መስርሑ ከም ዘቈረጸ ገይረ - ደንጓዩን ቀልጢፍን ኢብሎ ኣለኹ ማለት እኮ እዩ።

እዋኑ ክዘክሮ ዝዘይከኣልኩ ፍጻመ ድማ፡ "ሓደ እዋን. . ." እናበልኩ ኣዘንትወሉ። "እዋን" እትብል ቃል፡ ንህሉው፣ ንመጻኢ፣ ንሕሉፍ ብልክዕ እትገልጸለይ ግዲ ኰይናስ፡ ዳርጋ ብዙሕ ግዜ እደጋግማ እየ። ከማይ እንተ ኳ'ንኩም ከኣ፡ መውጽኢት ኣፍኩም ገይርኩማ ኣለኹም። ድሕሪ ነዊሕ ንዘረኸብኩምዎ ሰብ "ነዊሕ እዋን እንድዩ ኰይኑ!"ዶ ትብልዎ?

ይገርም'ኮ እዩ፡ እዛ "እዋን" ዝብሉዋ ኣብ ዘይትኣትዎ የብላን። ንሰኦት ከጸናንዕ እንክለኹ "ክንድኡ'ባ ኣይትሸገር - ኩሉ'ኮ ኣእዋኑ ኣለዎ!" ኢብሎም። ክፍክር ከለኹ ኸኣ "ደሓን እዋንካ ጥራይ ተጸበ" ኢሉ ሕነይ ከም ዝፈደየ እእምት። "እዋን ኣይሓገዘንን" ክብል እንክለኹ እኳ ወይ ሕመቐይ ክሽፍን ደልየ ኣለኹ፡ ወይ ከኣ ናብ ገለ ኢደይ ኣዋጣውጣ ኣለኹ ማለት'ዩ። ኣብሀላይ'ሲ ዳርጋ "ሰብ እዋን ተጸቢኣሙኒ" እዩ ዝመስል። "ኖ ኣብ ከም'ዚ ዝበለ እዋን እንከሎ ከም'ዚ ክብለሉ ጸቡቕ ኣይኮነን" ዝበለሉ እዋን እውን ኣሎ። ኩሉ ዘረባይዶ ብ"እዋን" መሊኣዮ!

ምስ ሰቦት ኣብ ዝዙብሮ ኢሂን ምሂን፡ ብዝበዝሐ ካብ ዝጥቀመለን ቃላት እያ - እዋን! ኣብ ናይ ቁልዕነት ግዜ'ውን ሓንቲ ካብ ተዘውታሪት መማቕርቲ ዛንታ እያ። ኣብ ጽውጽዋያት ትደጋገም ምኻና ጸቡቕ ገይረ እየ ዝዝክሮ። "ሓደ እዋን እዩ ኢያ ኣንበሳ ነይሩ. . ." ክብሃል እንክሎ፡ ግዜን ቦታን ከየገደስና ክንሰምዕ ጥራይ ንሃርር ነይርና። ጽውጽዋያትና መቸም - ከም ዋዛ ኣምሰሎም ሕማቕን ጸቡቕን ክንፈልጥ ቀሊል ተራ ኣይነበሮምን። "ሓደ እዋን'ሲ" እናተባህለ ዝተዋህቡና ጽውጽዋያት ማእለያ ኣይነበሮምን። ኣየ'ወ ከም ሎሚ ቀልዓናን ዓቢናን ምስ እስከረን ከይተፋጠጥና ኸለና። ደይ ነዚስ እዋን እዩ ኣምጺኡዎ - እእም!

ዝወረዶ እዋን! ሃገራያ ጽውጽዋይ ምስ ተላዕለ እምበር ናይ ሓደ እዋን ዛንታ ዘከረ። ኣብ ቁልዕነተይ እየ ሰሚዐያ። እታ ዛንታ ናይ ሓደ ኣብ ጸባ ማይ ሓዊሱ ክሸይጥ ምስ ተረኽበ ብየማዊሉ ዝተዋረደ ሓረስታይ ኢያ። ንሓደ ካብ መሳርሕተይ ምስ ኣዕለልኩዎ፡ በቲ ሓፈሰ ኀረሮኡ ገይሩ "እወ ሓቅ'ኺ፡ እቲ ቐደም እዋኑ፡ ንጸባ እዩ ማይ ዝሕወሶ ነይሩ። ሎሚ ግና ኑቲ ማይ እዩ ጸባ ዝጠጥቦ ዘሎ!" በለኒ። እዋን እኮ'ዩ ኑቲ መስርሕ ቀያይርዎ - ኣቤት እዋን!

"ሓቅካ ኣለኻ፡ ከም'ዛ ትብላ ዘለኻስ ዝሓለፈ ግዜ ኣብ ሓንቲ ካፈ ኢጋጢሙትኒ ኢያ" ምስ በልኩዎ፡ "ሎሚ ደኣ ዘይተቓጠነ ነገር ክትረኽቢ እንተደሊኺ፡ ከም'ዚ ናትይ ሓፈሰ ኀርሮ ጥራይ ኢኺ ክትረኽቢ ትኽእሊ" ክብል ኣሰሓቒኒ። መቸም፡ ዘይተጀለሐት ጸባ ዝሰተየ በጺሒ'ኮ "ኣቤት ኣብ ኣስመራ ዝሰተኹዎ ጸባ" እናበለ እዩ ነታ ሃገር ዝናፍቓ።

ኣብ'ዛ እንንብረላ ዘለና ዓለም፡ ወዲ ሰብ ማዕረ ምኽኣኑ ዘመስከረ እኹ ጭብጢ፣ እዚ እዋን ዝብሉዎ እዩ። ንኹላ ሰብ ኣብ ጸጋብሕ ሓሓደሽ ዕለት ጆባእ ይብሉ። እቲ ሓደ ኣይመልሶ እቲ ካልእ ኣየሕልፎ። ብዘዕባ ሕሉፍ ኣየገድሶን። ማለት'ሲ "ትማሊ ካብ ኢደካ መሊቓ ኢያ፡ ሎሚ ከይተደግመት እንከላ ያላ ኣርክበ፡ ኣጆካ ንጽባሕ ጥራይ እናጠመትካ ምሳይ ገየይ" ጥራይ እዩ ዝብል ንዘሰምዕ ዘበለ። እዋን 'ንኹሉ በብመደቡ ኪዶ' እዩ ዝብሎ። ክረምቲ፡ ሓጋዩ፡ ንጉሆኡ ምሸቱ. . . ሰተት ኣየብሎምን። በዚ ኣቢሉ ድማ መደብትና ብስሩዕን ኣብ ግዜኦምን ክሰልጥ ኣጸቢቑ ይምህረና።

ክረምቲ ዝሐገሶ ሰቡ፡ ወትሩ ብኽረምቲ እናተሓጎሰ ክነብር ከም ዘይክእል ንኽፍልጥ፡ ሓጋይ የስዕቦሉ። ንእግሪ መንገዱ እውን ናይ ህይወትና ሓጋይ ከም ዘሎ ኣመት ብምሃብ፡ ምኳን ክኣብዩና እንከሎ ክንቅበሎ ከም ዘለና ብኣብነት ይድርጉሓልና። ፍርያት እንሓፍሰሉ ቀውዒ ከም ዘሎ እናኣርኣየ፡ ናይ ጻዕርና ፍረ ንኽንሓፍሱ ንዘቐጽል ቀውዒ ክነሃየሉ ይነግረና።

ኣየ'ዚ እዋን - በሉ'ስከ እዋን ደዩ ተቐይሩ ዋላስ ወድ-ሰብ ንዓኻትኩም ክገድፎ'ሞ፡ ናይ ቀደም እዋን ምስ'ዚ ዘለናዮ እዋን እናኣነጻጸርኩ ከዕልለኩም።

"ቀደም ኑቲ ጸባ ማይ ይሕወሶ ነይሩ። ሎሚ ግን ኑቲ ማይ እዩ ጸባ ዝጠጥቦ ዘሎ" ደዩ ዝበለ ተዛሪቢ! ኣቱም ሰቦት ሓቁ'ኮ እዩ። ግን እቲ ምግልባጥ'ሲ ኣብ ማይን ጸባን ጥራይ ኣይኮነን። እቲ ቀደም እዋኑ ጓል ናይ ወዲ ሰረ እንተ ለቢሳ "ጉድ!" ዝበሃለሉ እዋን'ዩ ነይሩ። ኣብ ዘበነይ እውን ብኣካይዳኣን ይኹን ኣዘራርባኣን ከም ወዲ-ተባዕታይ ዝመስላ (ብኣዘራርባና ድማ ወዲ-ወዶ) "ተብዕ" ኢልና እንጽውዖን ደቂ-ኣንስትዮ ውሑዳት ኣይነበራን። ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ግን፡ ልክዕ ከም'ዛ ናይ ጸባን ማይን ብግልባጡ ይኸውን ኣሎ መሰለኒ።

ካብ ናብ ወዲ ናብ ጓል ዝቐርቡ ኣውዳት የጋጥሙኒ ኣለው። ጸጉሪ ዓይኒ ምስትኽኻል፡ ምጕሕሓል እውን ክበሃል ይከኣል'ዩ፡ ቻፕስቲክ ምቕባእ፡ ቁና፡ ጸጉሪ ምንዋሕ፡ ንጸጉሪ ሕብሪ ምልካይ፡ ቦርሳ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ መንኩብ ደቂ-ተባዕትዮ ተንጠልጢሉ ዝረኣኸሉ ኣጋጣሚታት ውሑድ ኣይኮነን። ኣየናይ እዩ ናይ ወዲ ሰረ ኣየናይከ ናይ ጓል ምፍላይ ይሰኣኣና ኣሎ በጃኻትኩም! ጫማ እውን ከምኡ!!

ነዊሕ እዋን ይጉብር፡ ከም'ዚ ዘለናዮ ክራማት ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ከበቢና ዓመት መጽኣት በለስ ክሸቅጡ ዝመጽኡ ብዓል ቀማጣ ሰረን ጸቡቕ ዳንጋን ሰብኣይ ነይሮም። ኣባጽሕ ናይ ጉዛውትና ኸኣ - 'ናይ ሳንያ ኣሎዶ?' እናበሉ ከራሰንምም እንክለዉ ይዝከረኒ። ክረምቲ ክኸውን እንከሎ ዓመት መጺኣት፡ ከይዘከርክምም ኣይሓልፍን እየ። ብሓንቲ በትሪ ክልተ ዘኽብል ምሉእ በለስ ኣንጠልጢሎም፡ ምስ ሓጺር ሰረኦምን ጸቡቕ ዳንጋኦምን ወትሩ ኣብ ዓይነይ ምስ ተሳእሉ እዮም።

ብዓብኡ ድማ እቲ ቀደም እዋን'ሲ፡ ካብ ገጠራትና ናብ ከተማ ዝኣትዉ ዝበዝሑ ኣንስበዝን ሰብኡትን ብሓጺር ሰረኦም እዮ ዝዝክሮም። እንተ ሎሚ ግና፡ እዛ ሓጺር ሰረ ካብ ደቂ-ተባዕትዮና ሃዲማ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ካብ እትዕቆብ ነዊሕ ገይራ ኣላ። እዛ ፓንታሎኒ እውን ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ሰፈራ ኣብ ጃምን ኣብ ናይ ስፖርት ማእከላትን ከም ዝዘበረ እየ ዝፈልጥ። እንተ ሎሚ ግና፡ ብፓንታሎኒ ሸናዕ ምባል ኩይኑ ኣሎ። ስለ ኩሉ ኣእዋኑ ኣለዎ! ኣየ እዋን!!

ናትና እናኣፋኖና ዘይናትና እናተማላእናዶ ንኸይድ ኣሎና ሓቀይ? "ድንጅብል መን ተበሉኻ መን ትብል?" እዩ ነገሩ። ኣብ'ዚ እዋን እምበኣር ከኣ ገለ ደቂ-ኣንስትዮና ናብ ባምቡላ ገጸን የቋምታ ኣለዋ። ቀዳማይ፡ ካልኣይ. . . ቀጸላ እናበልካ ሕብርታት ምልጣፍ፡ መልክዕ ምቕያርን የሰሓሕፍሕ ኣሎ። ኑቲ ሕብሪ ወዲ ሕብሪን ክኢላታትን ተባሂሉ ዝጠፍእ ገዝእ ኣኳ - ትም ኢልና እንተ ሓሊፍናዮ እዩ ክሓይሽ።

ኣብ ሓንቲ ቪድዮ'ሲ፡ ሓንቲ ደራፊት በዚ ሕብርታት ተለሓማሚጣ ኣትያ። እቲ መድረኽ ምቕት ስለ ዝበርዩ፡ ወዮ ሕብርታት፡ ከም'ቲ ምቕይያር ክሊማ ዘምክኾ በረድ እናመኸኸ ንገጻ መንገዲ ውሕጅ ክገብር ዝተረፎ ኣይነበሮን። "እህ ሜክኣፕ ዝፈጠርካ ከመይ ኢደካ ትሰበር!" ክብሉላ ቀጽዖም የትፋበራውዖን።

ምጽብባቕ ጸቡቕ እኳ እንተ ኾነ ንምንታይ ጣዕባላ ምምሳል ኣድለየ? ዋእ. . . ጣዕቡላ ካብ ሰብ ትጽብቕ ድያ! ብዙሓት ባምቡላታት ርእየ እየ'ሞ፡ ንጸላም ትመስል ምጭወቲ ኣፍሪቃዊት ጣዕቡላ ግና - ክሳብ ሕጂ ጎፍ ኣይበለትንን። እቲ ባህላዊ ወረር እውን ካብ'ዚ እዩ ዝጅመር። ኣኣብ ገዛና ዘለዋ ጣዕቡላታት እስኪ ንተዓዘብ - ንመን ይመስላ? ጸሊም ሰብ እኑ፡ ዋላ ጻላሉቱ ከም ሕብሩ ጸሊም እዩ። ጻዕዳ ግና፡ ሕብሩ ጻዕዳ ጻላሎቱ ኸኣ ጸሊም። እዚ ድማ ንጋይ ከም ብዓል ክልተ ልቢ ንኽቶጽሮ እዩ ዝደርኸ።

"ኩሉ ነገር ኣብ ርእሲ እዩ" እትብል ኣበሃህላ ኣላ። ኣተሓሳስባኻ ናብ የማን ይወስደካ ወይ ድማ የጸድፈካ። ስለ'ዚ ኑቲ ናትና ጽባቐ ንዲቕና ናይ ካልኦት ጥራይ ክንጥምት ኣዒንትና ከይሕውልል።

መቸም ዕላልና ብዛዕባ እዋን እንድዩ፡ እዚ እዋን ክንደይ ገፊጥ-መፊጥ እንድዩ ሒዙልና መጺኡ ዘሎ፡ ብዓይኒ-ዩብለይ ስሒ-ዩብለይ እንተ ጉሰምናዮ እሞ ናብ ርቦት ገጽና ከይንቕየር እውን የፍርሕ እዩ።

ሎሚ'ቕነ ካብ ሃገር ሸወደን ዝመጽአ ዜጋ ዘዕለለኒ እዩ። "እዞም ሐዘዮም ዘለኹ ደቀይ ክምልሶ ዘይክእል ሕቶታት እየም ክሓትቱኒ ዝውዕሉ። ብመማህርቶም ዝወርድ ዓሌታውነት ክጸወርዎ ስለዘይክኣሉ፡ ወግሐ ጸበሐ 'ባባ ናብ'ዚ እንታይ ክትገብር መጺእካ?' ይብሉኒ። ንዓደይ ከምጽኦም ከለኹ ብዙሕ ማሳዋእቲ እየ ከፊለ" ብምባል፡ ንደቁ ማብቆል ሃገሮም ንኸፍልጡም ከም ዝመጽአ ኣዕለለኒ። ንሱ ንባዕሉ ብኣካል ኣብ ስደት ይሃሉ እምበር፡ መንፈሱ ኣብ ዓዱ ከም ዝዘሎ ደጋጊሙ ነጊሩኒ። ንዛ ዕላል፡ ዝጠዘሑ ካብ'ቶም ካብ ስደት ዝመጽኡ ዘደጋግሙለይ ዕላል እያ። እሞ ኑቶም ኣብ ስደት ተወሊዶም ዝዓብዩ ንሕና ኣብ'ዚ ዝዓበናን ዘሎናን ክቡር ጸጋታትና ዓቂብና ክንጸንሖም ደዩ ዘለና፡ ወይ ከኣ ንሕና እውን ክንመስሎም! ተተሓሒዝካ ዕቡዳን ከይከውን።

ኣረ እቲ ዝእንገዱሉ ኣብያተ-መግቢ ይኹን ካልእ ናይ ባዕዲ ስም እንተ ሂብናየስ ኣይኩሓቱናን እየም። ንዝፈልጥዎ ደኣ እንታይ ዜጨንቕ ኣለዎም። ታሪኻውያን ቦታታትና፡ ወይ ኣሰር ገድልና፡ ወይ እውን ንዓና ዝገልጽ ካልእ ኣስማት እንተ ዝኸውን እንታይ ማለት ምኻኑ ክፈልጡ ምደለዩ'ሞ ሕቶ ኸኣ መስዓቡ። ንሕና ድማ ካልእስ ይትረፍ ገለ ክፋል ናይ ታሪኽና ቁንጭል ኣብልና ምነገርናዮም።

ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን እዩ፡ ኣብ ከበቢና "እንዳ ፊጠሮ" ተባሂላ እትጸዋዕ እንዳ ቀምቃማይ ነይራ። ናይ'ቲ ግዜ እቲ ኮቴትታት 'እቲ ቀምቃማይ ጥፍጣፍ እናገበረ እዩ ዝላጽዮ' እናበሉ የዕልሉ ነበሩ። ኣየ ቅንዕነት! ኑቲ ጥፍጣፍ ጉዲፍናስ፡ ምልጻይን ምቕምቃምን ቅቡል ከም ዝበረ ንምግላጽ እዩ። "ጸጉርካ ምንዋሕ ነውሪ፡ ጸፍርካ ምንዋሕ ናይ ሰይጣን እዩ፡ ኣብ ጉዛ ጸፍሪ ምስዓድ ሰድትት. . . እናተበሃልና ዝዓብና እኑ፡ ብጥብቡብ ገይርካ ጽርየት ምምሃር እዩ። ሎሚ ግና፡ ኣብ ክንዲ'ዚ ንዕቅቡ፡ ኣብ ኣጎንሎ ኩይንካ ጸጉሪ ምፍሓስ ገርጊሩ።

ኑየም ናይ ቀድም ኣንብጡ፡ ኣዋልድና - "ኣንታ ብዓል ሚዶ....." እናበላ ይደርፋሉም ነይረን። ሎሚ ግን ተረፉ። "ኣንታ ፊሓሲ ጸጉርየ. . ." ኢለንዶ ደኣ ክደርፋ ኹይነን!

"ኣብ ምዕራባዊ ዓለም፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዘሰርሕዎ ደርብታት ዝሓዘ ህንጻ፡ ሰደተኛ እዩ ዝካረዮ" ኢሉኒ ሓደ ዲያስፖራ። ንሳቶም፡ እቲ ናይ ከተማ ዋጭዋጭን ብከላን ዓቕሎም ስለ ዘጽበበሎም፡ ካብ ከተማ ወጻኢ ኢሎም ይነብሩ። ናብ'ቲ ናይ ቀደሞም ይምለሱ። ኑቲ ናይ ቀደም እዋን ይናፍቑ ኣለዉ ማለት'ዩ። ንሕና እውን - መምስ ዝመጽአ ካብ ምህውታት፡ ኑቲ ናይ ቀደምና፡ ኑቲ ዘዕበዩና ኣይንረስዖዶን ንዓቅቦን።

ስምዑ'ሞ፡ ቁሩብ ገዚብ እንተ ኣዋህሊልና፡ ኣብ ገዛና ዘጸንሐት ንእሽቶ ቴለቪዥን ብኽንዲ ገለ ትኸውን ፍላት ቲቪ ክንቕይራ ንጓያ። መስቀሊ ስፈን ስእልን ዝዘበረ መንደቕ፡ ብስክሪን ተገቢኡ እናረኣና ሕጉስ ንብል ቢቃ! ወድና ወይ ጓልና እተድልዮም ዋጋ 300 መጽሓፍ ክንገዝኣሎም እንተ ሓቲቶም ግን፡ "ሓሚመ ደየ 300 ሂበ መጽሓፍ ዝገዝእ. . ." እንብል'ኮ ኣለና። ዕንትር ዝበለ ገዚብ እንተ ተረኺቡ ኸኣ ካልእ ዘይዓቕምና ንጥምት!

ምናልባት ዱብዩ እናተመላለስና ክንሃግድ ንሓስብ ንኸውን። ኣብ ጉላጉል ዓድና ጥሪት ወይ ደርሆ ክንንብር ምሕሳብዶ ካብና ርሒቑ ደቀይ! ብ1000 ዶላር ዝተዓደገ ሞባይል፡ ኣብ'ዛ እዋን እዚኣ ክትፈትዋ ኢኻ፡ ጽባሕ ንግሆ ድማ፡ ሰናዕታ ካብኣ ትበልጽ ሞባይል ካብ ምስራሕ ደው ኣይክብሉን እዮም። ባህ ናብ ዝበለካ ትገዱ እንተ ሃሊኻ ተጸሊልካ ኣሎኻ። ስለ'ዚ ገንዘብ ምፍሳስና ዘይተረፈ፡ ኣብ ደቕና እንታይ ዝሕጽ ምባል ናይ ለጦማት እዩ።

እዋን - ይኸይድ እዩ ዘሎ። ምስ ሞባይልካን ፋሽንካን ተሰኪምካ ይኸይድ ኣሎ። ኣበይ ከም ዘራግፈካ ክትፈልጥ ዓቕሚ የብልካን። ማለት'ሲ 'ኣብ ደቕኻ ጸቡቕ ነገር ሰሪሕ እምበር፡ ከም ደቕኻ ሞባይል ኣይትፍቶ' እየ ክብለካ ወይ ክብለኪ ደልየ።

ሓንቲ ሰበይቲ ፕረዚደንት ናይ ሓንቲ ሃገር'ሲ፡ ንቓለ-መሕትት ምስ ቀረበት "እንታይ ትሰርሒ?" በልዋ'ሞ - "ደቀይ ክርእዮም ዝምነኣን ዘይምነኣን ምክትታል" ኢላ መሊሳትሎም። ንሕና ድማ ደቕና ክረኽቡዎን ክኾኑዎን ዘለዎም ኣብ ምክትታልን ምምላእን ወፍሪ ንግበር። እዋን ምስ ተዓዝረ "ወደይ ትምህርቲ ሓሚቑ፡ ካብ ሰቡ ተረፋ፡ ሰዲዱ፡ መትሓዚ ስኢኑሉ. . ." ምባልካ ን'እዋን' ኣይግድሶን እዩ። 'እዋን' ዘምጽኦ ዕላለይ ዛዚመ ኣለኹ። ጸጽብቑ ንዓኻትኩም!!

ሃይማኖት መሓሪ



## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ስነስርዓት መመረቕታ ኮለጅ ስነፍልጠት ማይ ነፍሒ |
| 13:30 | (ዜና ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበበት |
| 14:20 | Tech Insight |
| 15:00 | ፓኖራማ |
| 15:50 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:25 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊትፊልም ሸምዓ ለይቲ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ስርሒት ባሬንቱ 1985 |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መደብ ቆላሕታ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## Vacancy Announcement

1. 4. **Position:** Machinery &material supervisor
**Department;** procurement

**Place of Work:** Asmara/ Emba Derho Site
**Number Required:** 01
**Contract Type:** Indefinite

### Major Duties and Responsibilities

- Responsible for the unloading and counting of materials on site; According to the list of materials, verify the implementation of the contract with the procurement engineer, feedback the quality and quantity of the materials on site and dock with various departments, and do a good job in the transfer and warehousing management of equipment and materials; Regularly conduct inventory and reconciliation of the secondary warehouses of each department to ensure the compliance of material collection.

### Qualification and Other Skills

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | Bachelor degree or above<br>Major in business administration, logistics, mechanic, machinery or a related field. |
| Working Experience | Minimum 5 years' experience in machinery management preferably in mining or construction industry or project management.<br>Equipment safety management and on-site construction management. |
| Leadership Experience | Organization Skill<br>Leadership experience for at least 2 years |
| Other skills and abilities | Fluent in spokenn English.<br>Be familiar with various software programs used in the business world, such as Microsoft Office.<br>Attention to detail: Have excellent attention to detail to ensure accurately record.<br>Have good data management skills. |

### General Information and Other Requirement

- Place of Work: Asmara Project Sites (Debarwa/ Emba Derho)
- Salary: As per Company salary scale

### Additional Requirement for Nationals:

- Having fulfilled his/ her National Service Obligation and Provide evidence of Release Paper from Ministry of Defense.
- Present Clearance from current/ last employer or Unemployment card from Labor office.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credential, a copy of your National Identity card etc.)
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All application should be sent through the post office.
- Deadline for application; 05 days from the date of publication on the newspapers

**Address: Please mail your application to;**
Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD (ESMC)
P.O. Box. 4832 Asmara, Eritrea

**Note to None Eritrean applicants:**

Please send a copy of your application to
Aliens Employment permits Affairs,
P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ተኸሰስቲ ወረ/ነፍ ለተየሱስ ገረዝጊሄር ድራር፣ ራህዋ ኣስመላሽ፣ ዳኒኤል ኣስመላሽ፣ ቶማስ ኣስመላሽ፣ ኣልኣዛር ኣስመላሽ፣ ሰመረ ኣስመላሽ፣ ወራሲ ነ/ፍ ሙሉ ገረዝጊሄር ኣቶ መሓሪ ክፍላይ፣ ንምቅሊት ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።


ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከተማ

### ደቀምሓረ

ኣቶ ታደሰ ማስፍን ኣስፍሃ ወ/ሮ ምንያ ክፍሉም ተሰኣማርያም፣ ወደና ዓወት ታደሰ ማስፍን ስለዝተሰወአ፣ ውላድ ይኹን ሓዳር ስለዘይብሉ፣ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን26/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጕዕት ሉቃስ ኣስታ፣ በዓልቤተይ ተኽለማርያም ገ/የውሃንስ ጸዕዱ ስለዝተሰወአ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፣ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን26/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ምስጋና



ብሞት ዝተፈለየ በዓልቤተይ ተጋዳላይ ብርሃ ዑቕባሚካኤል ሃይሉ ዝተሰመዐ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፣ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቃበርኩምና፣ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝተኻፈልኩምና ንገልጽ።

በዓልቲቤቱ ኤልሳ ወልዳይ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት።

### ምስጋና



ብሞት ኣዝዩ ዘፍቅራ በዓልቲቤተይ ተጋ/ብርኽቲ ተስፋስላሴ ሙብራህቱ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ዕረፍታ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ዘቃበርኩምና፣ ናብ ገዛና ዝተመላለስኩምን ካብ ውሽጥን ወጻእን ደዊልኩም ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝተኻፈልኩምና ብኣኽብሮት ንገልጽ።

በዓልቤታ ተጋ/ሰመረ ገ/ሚካኤል፣
ምስ ወዱን ሰይቲ ወዱን ምሉኣት
ስድራቤትን

### ምስጋና



ብምኽንያት ዕረፍቲ ክቡር በዓል ቤተይ ኣቶ የማን ኣብርሃ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ ኣብ ገዛ ዝበጻሕኩምና፣ ኣብ ግዜ ዕረፍቱ ክሳብ ሽማንጉስ ታሕታይ ኬድኩም ዘቃበርኩምናን ብቴሌፎን ካብ ውሽጥን ካብ ደገን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝተኻፈልኩምና ነፍልጥ።

በ/ቤቱ ግደይ ኣድማን
ምሉእ ስድራቤትን

ብስም ወላዲና ነ/ፍ ሰዒድ ሓምድ ዓሊ እያይ ብናይ ኮሚሽን-ኣባይቲ ቁጽሪ-ወረቐት 30038-መወከሲ ቁ.306955/301394 ዝተመዝገበ ኦርጂናል ሊብረቶ ናይቲ ኣብ ከተማ ከረን - ከባቢ 01ዝርከብ ገዛ ስለዝጠፍኣ፣ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሎ፣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ብቑ. ሞባይል 07141446 ክሕብረና፣ እንተዘየለ ግን መተካእታ ናይዚ ዝጠፍአ ኦርጂናል ልብረቶ ንኽወሃበና ንዝምልከቶ ኣካል ከም ዝሓትት የፍልጥ ኣለኹ።

ወራሲት ነ/ፍ ሰዒድ ሓምድ ዓሊ እያይ
ወ/ሮ ኸዲጃ ሰዒድ ሓምድ

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ደንደንን ኣስመራ ቢራን ዓወት ኣመዝጊበን

መበል 11 ግጥማት ሻምፕዮን ጋንታታት ከተማ እግሪ ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዞባ ማእከል፡ ብሰሉስ 25 ሓምለ ብኽልተ ጸወታታት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ቀጺሉ ከም ዝወዓለ ህዝባዊ ርክባት ፌደረሽን ከተማ እግሪ ዞባ ማእከል ሓቢሩ። ደንደን ኣብ ልዕሊ ዕዳጋ ሓሙስ 5ብ0 ክትዕወት ከላ፡ ኣስመራ በራ ንኩባንያ ሰምበል 2ብ1 ብዘኸኣ ወጺኢት ኣፋንያታ ኣሎ።

ፈለማ ግጥም ናይዚ ዕለት ኣብ መንጎ ኣስመራ በራን ኩባንያ ሰምበልን ተኻይዱ። ኩባንያ ሰምበል ዝሓለፈ ሰንበት ምስ ቀይሕባሕሪ ኣብ ዝገጠመትሉ ግዕዚ ከም ዝተፈላለየት ዝፍለጥ'ዩ። በዚ ኸኣ እዛ ጋንታ ኸኣ ምስ ድኻማ ከሎ'ያ ኣብ ወሸጢ ሰለስተ መዓልታት ካልኣይ ጸወታ ኣካይዱ። ይኹን'ምበር ኑታ የዕሩፉ ዝቐጸት ኣስመራ በራ ክትዳረጋ ኣይተጸገመትን። ንቀዳማይ 45 ደቓይቕ ከኣ ምስ ሓያል ተወዳዳርነት ዝኾነ ሾቶ ከይተመዝገበ'ያ ዛዚማቶ።

ድሕሪ ዕረፍቲ ዝቐጸለ ጸወታ ናይዞን ጋንታታት ካብ መፈለምታኡ ብሓያል ተወዳዳርነት'ዩ ተኻይዱ። ኣብ መበል 55 ደቒቕ በኒያም ማጆር ካብ መኣዝን ተቐሊዓ ንዘመጸኣቶ ከተማ ብርእሱ ጎጺዩ ምስ ሰከዖት ብምጽንባሩ፡ ኩባንያ ሰምበል ቀዳማ'ያ መሪሕነት ሒዙ። ድሕሪ'ዛ ግጥም፡ ኩባንያ ሰምበል መሪሕነታ ንምዕቃብ፡ ኣስመራ በራ ከኣ ንምምዕርራይ ምትህልላኽን ኣዘዩድኦ። ተጻወትቲ ኣስመራ በራ ብተደጋጋሚ ናብ ልዳት ኩባንያ ሰምበል ኣብ ዘጋጠዉሉ ዝበኩ ግዜ፡ ኣብ መበል 78 ደቒቕ ተኸላኻሊያ ቴድሮስ ጉዳም ኣትሪፉ ዝዘረማ ከተማ ናብ ሾቶ ተቐየረት። ኣብዚ ዝሓለፈ ግጥማት ብዝርኣዮ ብሉጽ ብቕዓት፡ ሽልማት ብሉጽ ተጻዋታይ ክወሰድ በቒዑ ዝነበረ ሓላዊ ልዳት ኩባንያ ሰምበል ተማሰገን ገመቹ ነዛ ቅላዕ ከድሕና ኣብ ዝፈተነሉ'ዩ ካብ ኢዱ ሞለቓ ናብ ሾቶ ተቐይሩ። ጸወታ 1ብ1 ኮይኑ።

ክልቲአን ጋንታታት ደጊመን መሪሕነት ንምሓዝ ሓያል ቅልስ ኣካይደን እየን። ተጻወትቲ ኩባንያ ሰምበል ግን ኣብ ምውዳእ ናይቲ ጸወታ መስመር ምክልኻሎም ከዘልቑ ብምቕላቦምን ተጻወትቲ ኣስመራ በራ ከኣ በንጻሩ ድኻሞም መጋጥምቶም ብምዕዛብ ክሳብ መወዳእታ ሓያል ቅልስ ብምክያዶም፡ ጸወታ1ብ1 ክዛዘም ትጸበት እናተጉበረሉ እንከሎ፡ ኣቤል ወልደየሱስ ኣብ መበል 90 ደቒቕ ሾቶ ብምምዝጋቡ፡ ጋንታኡ ኣስመራ በራ፡ ዓወት ኣስተማቒራ። ተኸላኻላይ ኣስመራ በራ ቴድሮስ ጉዳም ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታ ናይዚ ግጥም ተባሂሉ።

ቀጺሉን ዝገጠማ ዕዳጋ ሓሙስን ደንደንን እየን ነይረን። ብ26 ነጥቢ መሪሕነት ሒዛ ዘላ ክለብ ደንደን፡ ነዛ ናይ ምምሕዳር ጋንታ ኣየናሕሰየትላን። ኣብ ሻዱሻይ ከምኡ'ውን ኣብ መበል 17 ደቓይቕ ካብ ዓብለል ውዛዚን ሴም መድሕንን ብዘረኸበተን ሾቶታት ተሓጊዛ ንዕረፍቲ 2ብ0 መራሒ እያ ወጺኣ።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ደንደን ዓብለልኑቶም ብምዝያድ ኣብ መበል 57፡ 65 ከምኡ'ውን 77 ደቓይቕ ካብ ሴም መድሕን፡ ናህም በራኺን ቢኒያም መንግስተኣብን ሰለስተ ሾቶታት ብምውሳኽ ብበፊሕ 5ብ0 ተዓዊቶም። ብሉጽ ተጻዋታይ ናይዚ ግጥም፡ ናይ ክሉብ ደንደን - ሴም መድሕን እዩ ኮይኑ።

ግጥማት ሻምፕዮን ጋንታታት ከተማ እግሪ ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዞባ ማእከል፡ ሎሚ ሓሙስ'ውን ማይተመናይ ምስ ኣዱሊስ፡ ኣልታሕረር ምስ ኩባንያ ሰንን፡ ቀይሕባሕሪ ድማ ምስ ቴራቮሎ ካብ ፍርቂ መዓልቲ ጀሚረን ብዝካየዳ ጸወታታት ቀጺሉ ክውዕል ምዃኑ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።



## መሲ ኣብ ቀዳማይ እግሩ ክልተ ሸቶታት ኣመዝገቡ

ኣርጀንቲናዊ ብሉጽ ተጻዋታይ ዓለም ሊዮኔል መሲ፡ ማልያ ኣመሪካዊት ክሉብ ኢንተር ማያሚ ወድዩ ኣብ ዝተጻወተሉ ፈላሚ ግጥሙ፡ ክልተ ሸቶታት ኣመዝጊቡ። መሲ፡ ሓዳሽ ክለቡ ኣንጻር ኣትላንታ ዩናይትድ 4ብ0 ኣብ ዝተዓወተትሉ'ዩ ክልተ ሸቶታት ብምምዝጋብ ንደገፍቱ 'ኣለኹ ኘ' ኢሉ። ወዲ 36 ዓመት ሊዮኔል መሲ ነተን ክልተ ሸቶታት ኣብ ውሽጢ 22 ደቓይቕ ከመዝገበን ከሎ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ሮበርት ታይለር ዝቐጸራ ሾቶ'ውን ባዕሉ'ዩ ከሺኑዋ። መሲ ኑታ ካልኣይቲ ሾቶኡ ኣብ ዘቑጸረሉ፡ ናብ ወናኒ ክሉብ ኢንተር ሚያሚ እንግሊዛዊ ዴቪድ ቤክሃም ብምጥማት ብፍሉይ ምልክት'ዩ ጸምቢሉ ኣካይዱ። መሲ ዝገበሮ ምልክት፡ ምስ ቤክሃም ዘጫረቑሉ ምልክት ክኸውን ከም ዝኽእል'ዩም ብዙሓት ወገናት ዝገልጹ። ቤክሃም ብወኩ፡ ኑቲ ተጻዋታይ ብጣቐዒት'ዩ መሰሱሉ። ኢንተር ማያሚ በዚ ኣብ ልዕሊ ኣትላንታ ዩናይትድ ዘመዝገቦ ዓወት፡ ናብ ግጥም ኣውዲቐካ ምሕላፍ ሊግ ካፕ ኣመሪካ ክትሰግር ክኢላ ኣላ።

ኣብዚ ግጥም፡ መሲ ኣብ መበል 78 ደቒቕ ተቐይሩ ካብ ሜዳ ክወጽእ ከሎ፡ ብርክት ዝበሉ ተዓዘብቲ ካብቲ 20 ሽሕ ሱብ ዝሕዝ ስታድዩም ክወጽኡ እዮም ተራእዮም። ኣሰልጣኒ ኢንተር ማያሚ ጀራርዶ ማርቲኖ፡ ተዓዘብቲ ንኹብሪ ኩሎም ተጻወትቲ ኣብ ሜዳ ክጸንሑ ከም ዝበርዎ፡ ድሕሪ'ቲ ግጥም ተዛሪቡ ኣሎ።

ወናኒ ክሉብ ኢንተር ማያሚ ዴቪድ ቤክሃም ድሕሪ'ቲ ግጥም ብዛዕባ ሊዮኔል መሲ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "ፍሉይ ሱብ'ዩ። ነዛ ጋንታ ክውንና ከለኹ ከም በዓል መሲ ዝኣመሰሉ ተጻወትቲ ከም ዘምጽእ ኣሚኑ'የ ሓዚዩ። ጉዕዞይ ድማ እንሆ ሎሚ ጀሚሩ" ክብል ተሰሚዑ ኣሎ።

ሸውዓተ ግዜ ሽልማት ብሉጽ ተጻዋታይ ዓለም ዝወሰደ መሲ፡ ምስ'ዛ ሓዳሽ ጋንታኡ ዝሓለፈ ሰሙን'ዩ ንፈለማ ግዜ ልምምድ ኣካይዱ። ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ኣብ 2022 ዋንጫ ዓለም ክትወስድ ልዑል ኣስተዋጽኦ ዝገበረ መሲ፡ ምስ ፒኤስጂ ዝበሮ ውዕል ድሕሪ ምዝዛሙ'ዩ ናብ ኢንተር ማያሚ ተሰጋጊሩ። ንሱ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ማልያ ፒኤስጂ ወድዩ ኣብ ዝተጻወተለን 75 ጸወታታት፡ 32 ሾቶታት ከም ዘመዝገበ ሰነዳቱ የረድኡ።




## ሊቨርፑል፡ ዳግማይ ንላቪያ ትሓተሉ

እንግሊዛዊት ክሉብ ሊቨርፑል፡ ንኣከፋፋሊ ሳውዝሃምፕተን ሮሚዮ ላቪያ ንምፍራም ዳግማይ ከም ዝተበገሰት መርበብ ሓበሬታ ደይሊ መይል ኣፍሊጡ። ሊቨርፑል ኣቐዲማ ዘቕረበቶ ናይ 37 ሚልዮን ፓውንድ ጠለብ ብሳውዝሃምፕተን ከም ዝተሃጽገ ኣይርሳዕን። እዛ ጋንታ፡ ኣብዚ እዋን ናብ'ቲ ሳውዝሃምፕተን ትደልዮ 50 ሚልዮን ፓውንድ ዝቀራረብ መጠን ገንዘብ ሒዛ ቀሪባ ከም ዘላ'የም ፈላጦት መሰርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ዝሕብሩ ዘለው። ብመሰረት 'ዘ ኣትሌቲክ' ዝተባህለ ማዕከን ዜና ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እዘን ክልተ ጋንታታት በዚ ዳግማይ ቀረቡ ዘሎ መጠን ገንዘብ ክሰማምዓ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ። ኣከፋፋሊ ሳውዝሃምፕተን ሮምዮ ላቪያ ምስ ሊቨርፑል ናይ ምጽንባር ድሌት የሕዲሩ ብምህላው፡ እዘን ክልተ ጋንታታት ምስ ዝሰማምዓ እቲ ውዕል ክዉን ከም ዝኸውን ዘጠራጥር የብሉን። እዚ ወዲ 19 ዓመት ተጻዋታይ፡ ዋላ'ኳ ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ማልያ ሳውዝሃምፕተን ለቢሱ ኣብ 29 ጸወታታት ብሉጽ ብቕዓት የንጸባርቕ፡ ኑታ ጋንታ ግን ኣብ ፕሪመር ሊግ ክጸንሓ ከም ዘይከኣለ ይፍለጥ። ዝሓለፈ ወርሒ ንማክ ኣሊስተር ካብ ብራይተን ናብ መስመር ምክፍፋላ ዘጸንበረት ሊቨርፑል፡ ዋላ'ኳ ኑቲ እናኣከፋፈለ ዘጥቅዕ ዶሚኒክ ዞባዝላይ እውን ወሲኻታ እንተሃለወት፡ ብዙሓት ኣከፋፈልታ ከም ዝኸሰረት'ዩ ዝንገረሉ። ጀምስ ሚልነር፡ ቻምበርሌንን ናቢ ከይታን ዝሓለፈ ወርሒ ስ ምስታ ጋንታ ዝበሮም ውዕል ወዲኦም ከም ዝተፋነው ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ሓለቓ ጋንታ ጆርዳን ሄንደርሰን እውን ናብ ስዑዳዊት ክሉብ ኢቲፋቕ ምኻዱ ከም ዘይተርፍ'ዩ ዝሕበር። ፋቢያኖ እውን እንተኾነ ናብ ክለብት ስዑዲዓረብ ብሓፊሻ ናብ ክሉብ ኢትሓድ ከኣ ብፍላይ ክኸይድ ከም ዝኽእል ይሕበር'ዩ። በዚ ኸኣ ሊቨርፑል፡ መስመር ምክፍፋላ ንምትዕርራይ ከም ሮምዮ ላቪያ ዝኣመሰሉ ተጻወትቲ ከተፈርም ግድነት ኮይኑዋ ከም ዘሎ ምስታ ጋንታ ቀርበት ዘለዎም ወገናት ይዛረቡ።



## ሓጸርቲ ዜናታት

• ሓዳሽ ኣሰልጣኒ ቸልሲ ማውሪስዮ ፖቸቲኖ፡ ፈረንሳዊት ክሉብ ፒኤስጂን ብሉጽ ተጻዋታይ እታ ጋንታ ከይላን ምባፐን ኣብ ስምምዕ ክበጽሑ ተማሕጺኑ። ፖቸቲኖ፡ ብዛዕባ ምባፐ ናብ ስታንፎርድ ብሪጅ ክመጽኣሉ ዝኽእል ተኽእሎ ግን ዝኾነ ርእይቶ ካብ ምሃብ ተቖጠቡ ኣሎ። ቸልሲ ሓንቲ ካብተን ኣብ መሰርሕ ምስግጋር ከይላን ምባፐ ኢደን የእትዋን ዘለዋ ክለባት ምዃና ይፍለጥ። ፒኤስጂ ምስቲ ተጻዋታይ ኢጋጠምዋ ብዘሎ ዘይምርድዳእ፡ ናብቲ ናይ ጃፓንን ደቡብ ኮርያን ዑደታ ከም ዘይተማልኣቶ ይፍለጥ። ከቢድ ብደሆ ከየጋጥማ ስግኣታት ኣሎ።

• ቸልሲ ኣብ ጉዳይ መሰርሕ ምስግጋር መሓመድ ኩዱስ ምስ ኣያክስ ኣብ ስምምዕ በጺሓ ከም ዘላ ይገለጽ ኣሎ። እዚ ወዲ 22 ዓመት ጋናዊ ተጻዋታይ፡ ካብ ኣርሰናል እውን ተገዳሲት ረኺቡ ከም ዝበረ'ዩ ዝሕበር።

• ሻምፕዮን ክለብት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ማንቸስተር ሲቲ፡ ንብሉጽ ተጻዋታያ በርናንዶ ሲልቫ ናይ ምሻጥ መደብ ከም ዘይብላ ሓቢሩ። ይኹን'ምበር፡ ብመሰረት 90 ሚኒትስ ዝተባህለ ማዕከን ዜና፡ እዚ ወዲ 29 ዓመት ፖርቱጋላዊ ተጻዋታይ ካብ ኢትሓድ ክወጽእ ድሌት የሕደሩ ከም ዘሎ ተፈሊጡ ኣሎ።

• ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ካብ ሰሎት ማእቶሚናይ 45 ሚልዮን ፓውንድ ትሓትት ከም ዘላ ተረጋጊጹ። ዌስትሃም ነዚ ኣከፋፋሊ ናብ መሰርዓ ክትጽንበሮ ትጽዕይ ብምህላዋ'ያ ዩናይትድ ከምዚ ዓይነት ዋጋ ትሓትት ዘላ። ሃመርስ ብዛዕባ ቅጽል ስም እትጽዋዕ ዌስትሃም፡ ንሶት ማክቶሚናይ ተካኢ ናይቲ ናብ ኣርሰናል ዝሸጠቶ ዴክላን ራይስ ክኸውን'ያ ሓጺያቶ ዘላ።

• ዌስትሃም ንተኸላኻላይ ማንቸስተር ዩናይትድ እንግሊዛዊ ሃሪ ማጓየር ንምፍራም ብወግዒ ዝርርብ ከም ዝጀመረት ስካይ ስፖርት ሓቢሩ። ዌስትሃም ንኣከፋፋሊ ቸልሲ ኮኖር ጋላገር ንምፍራም ዝበረቶ ፈተነ ከም ዘይሰለጣ ኣይርሳዕን። እዛ ጋንታ ነዚ ወዲ 23 ዓመት ተጻዋታይ ንምውናን ምስ ቶተንሃም ትጉበሮ ዘላ ቅልስ ከም እትዕወተሉ ግን ብርእሰ ተኣማንነት ትዛረብ ኣላ።

• ጀርመናዊት ክሉብ ባየር ሙኒኽ ብወግዒ ንእንግሊዛዊ ኣጥቃዓይ ቶተንሃም ሃሪ ኬይን ንምፍራም ኣብ ትሰርሓሉ ዘላ ግዜ ጸቡቕ ኣንፈት ትርእየ ከም ዘላ ስካይ ስፖርት ኣፍሊጡ። ብመሰረት ጋዜጣ ሚረር እውን፡ መሰርሕ ምስግጋር ሃሪ ኬይን ንምቅልጣፍ ዳይረክተር ቴክኒክ ሙኒኽ ማርኮ ነፕ ዝርከቦም ሰብ ስልጣን እታ ጋንታ ኣብ ከተማ ለንደን ከም ዘለዉ ተፈሊጡ ኣሎ። ይኹን'ምበር፡ ብመጻኢ ከይላን ምባፐ ዘይቅበሉ ዘላ ፒኤስጂ ኣብ መሰርሕ ምስግጋር እዚ ወዲ 29 ዓመት ተጻዋታይ ኢዳ ተእትው ብምህላዋ፡ ሙኒኽ ከቢድ ብደሆ ከየጋጥማ ስግኣታት ኣሎ።

• ጀርመናዊ ኣከፋፋሊ ጆሹዋ ኪሚች፡ ኣብ ባየር ሙኒኽ ከም ዝጸንሕ ኣፍሊጡ። እዚ ወዲ 28 ዓመት ተጻዋታይ፡ ካብ ሙኒኽ ክወጽእ ምዃኑ ብሰፊሑ'ዩ ክዘረበሉ ጸኒሑ።

• ኣርሰናል ንወዲ 23 ዓመት ብራዚላዊ ኣከፋፋሊ ቢተሎ ንምፍራም ከም ዝተቓረበት ይገለጽ ኣሎ። እዚ ተጻዋታይ፡ ናብ ጋንታታት ሰሪ ኣ ኢጣልያ ክኸይድ'ዩ እናተባህለ'ዩ ክዘረበሉ ጸኒሑ።



# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ሩስያ፡ ሰብ-ኣልቦ ነፋሪት ውግእ ኣመሪካ ኣዕንያ

ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ውሽጢ ክሊ-ኣየር ሶርያ ትብርር ዝነበረት ሰብ-ኣልቦ ነፋሪት ውግእ ኣመሪካ፡ ካብ ሓንቲ ነፋሪት ውግእ ሩሲያ ብዝተፈነወላ ብርቱዕ ሃልሃልታ ብኸቢድ ከምዝተጎድኣት ዋሽንግተን ከሲሳ።

ማእከላይ እዚ ሓይሊ-ኣየር ኣመሪካ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ዝዘርግሖ መግለጺ፡ እታ ‘MQ-9 Reaper’ ዝዓይነታ ሰብ-ኣልቦ ነፋሪት ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ሰማያት ሶርያ ትብርር ኣብ ዝነበረትሉ እዋን፡ ነፋሪት ውግእ ሩሲያ ብኣዝዩ ሓደገኛ ርሕቀት ኣብ ልዕሊኣ እናዘምበየት ብርቱዕ ሃልሃልታ ከምዝተፍኣትን፡ እታ ሰብ-ኣልቦ ነፋሪት



ድማ ርእሳ በቲ ሃልሃልታ ከቢድ ጉድኣት ከምዝወረዳን ሓቢሩ።

እቲ ብ23 ሓምለ ዘጋጠመ ፍጻመ፡ ሓደ ካብ'ቶም ቅድሚ ሎሚ ኣብ መንጎ ነፈርቲ ውግእ ኣመሪካ፡ ሩሲያን ቻይናን ካብ ዝተራእዩ ዓበይቲ ምርጻማት ኩይኑ ተመዝጊቡ ከምዘሎ'ዩ ዝገለጸ ዘሎ።

ንልኡላውነት ሶርያ ብምጥሓስ ነቲ ብኩዱ ዘይቲ ዝሃብተመ ክፋል መሬት እታ ሃገር ተቘጻጺራ ዘላ ኣመሪካ፡ “ሸለልትነት ዝመልኦን ካብ ሞያውነት ዝረሓቐን ተግባር” ብምባል፡ ነቲ ሩሲያ ኣብ ልዕሊ እታ ነፋሪት ዘወሰደቶ ስጉምቲ ተቓዊማቶ።

ሩሲያ፡ ነዚ ብኣመሪካ ዝቐረበላ ወቐሳ ኣመልኪታ ዝሃበቶ ዝኾነ ግብረ-መልሲ'ኳ እንተዘየለ፡ ኣብ መጀመርታ ናይዚ ሰሙን'ዚ ግን፡ “ነፈርቲ ውግእ ኣመሪካን መሻርኽታን ንክሊ-ኣየር ሶርያ ይጥሕሳ ኣለዋ” ክትብል ከሲሳ ነይራ።

ሩሲያ ብተወሳኺ፡ ኣመሪካን መሻርኽታን ነቲ ኣብ ሰማያት ሶርያ ምግርጫው ንኽይፍጠር ኣብ 2009 ዝኣተውኦ ውዕል ይጥሕሳኦ ከምዘለዋ ትኸሰስ።

## “ኣብ ዋዕላ ሩስያ - ኣፍሪቃ፡ ልኡኻት 49 ሃገራት ክሳተፉ እዮም” ሩስያ


ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ነቲ ሎሚ ሓሙስ ኣብ ከተማ ሰይንት ፒተርስበርግ ዝጅምር ካልኣይ ዋዕላ ሩሲያ - ኣፍሪቃ ብወግዒ ክኸፍቶ ምዃኑ፡ ተሓጋጋዚ'ቲ ፕረዚደንት -ዩሪ ኡሻኮቭ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ገሊጹ።

ብመሰረት ሓበሬታ እቲ ብዓል-ስልጣን፡ ኣብቲ ንኽልተ መዓልቲ ዝቕጽል ዋዕላ፡ ብዙሓት ሓሙሽተ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ እቶም ዝተረፉ ድማ ልኡኻቶም ክሳተፉ እዮም።

እዚ ማለት፡ ካብ'ተን ኣብቲ ዋዕላ ሱታፌኣን ዘረጋገጻ 49 ሃገራት፡ እተን 17 ብመራሕቲተን፡ ሓሙሽተ ብምኽትላት መራሕቲተን፡ ኣርባዕተ ብመራሕቲ መንግስታተን፡ ሓንቲ ድማ ብኣፈ-ጉባኤ ባይቶኣ ክውከላ እየን።

ብዝተረፈ፡ ካልኦት 17 ሃገራት ብምኽትላት መራሕቲ መንግስታተንን ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢአንን፡ ሓሙሽተ ድማ ብኣምባሳደራተን ኣቢለን ክውከላ ምዃነን ዩሪ ኡሻኮቭ ኣብ ሓበሬታኡ ኣመልኪቱ።

ፕረዚደንት ፑቲን ሎሚ ኣብ ሰዓታት ናይ ንግሆ ኣብ ቅድሚ'ቶም 17 መራሕቲ ሃገራት ተረኺቦም መኽፈቲ መደረ ከስምዕ ምዃኑን፡ ኣፍሪቃ ኣብ ናይ ባዕላ ጉደና ልምዓት ክትምርሽ ንምሕጋዝ




ብወገን ሩሲያ ክውሰዱ ዝኽእሉ ሓያለ ተበግሶታት ክዘርዝር ትጽቢት ከምዘሎን ድማ፡ እቲ ተሓጋጋዚ ፕረዚደንት ኣረዲኡ።

ንሱ ወሲኹ፡ ጉዳይ ቀረብ መግቢ፡ ዘመናዊ ድኹዒ፡ ዘመናዊ ቴክኖሎጂታትን ጸዓትን ገለ ካብኣቶም ምዃኖም ሓቢሩ።

ወሃቢ ቃል መንግስቲ ሩሲያ ዲሚትሪ ፔስኮቭ ብሰሉስ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሃገራት ምዕራብ፡ መራሕቲ ኣፍሪቃ ኣብቲ ዋዕላ ንኸይሳተፉ ኩሉ ዝከኣለን ዘበለ ይገብራ ከምዝለዋ ከሲሱ ምንባሩ ዝዘከር ኩይኑ፡ 49 ሃገራት ነቲ ዋዕላ ክሳተፍኣ ምውሳነን ግን፡ ጸቕጢ ምዕራባውያን ፋይዳ ዘይብሉ ኩይኑ ከምዝተረፈ ዘርኢ ምዃኑ፡ ተዓዘብቲ የመልክቱ።

## ቀ/ሚኒስተር ታይላንድ ነበር፡ ካብ ስደት ናብ ሃገሩ ክምለስ ወሲኑ



ቀዳማይ ሚኒስተር ታይላንድ ዝነበረ ታክሲን ሺንዋትራ፡ ድሕሪ ናይ 15 ዓመት ስደት ዝመጽእ 10 ነሓሰ ናብ ሃገሩ ክምለስ መዲቡ ከምዘሎ ተገሊጹ።

እዚ ዝገለጽ ዘሎ፡ ታይላንድ፡ ነቲ ዝሓለፈ ግንቦት ዝተኻየደ ሓፈሻዊ ምርጫ ሰዒሩ ኣብ ዝተኸስተ ፖለቲካዊ ቅልውላው ተሸሚማ ኣብ ዘላትሉ እዋን'ዩ።

ኣብዚ እዋን ወዲ 74 ዓመት ኩይኑ ዘሎ ታክሲን፡ ኣብ 2006 ብወተሃደራዊ ዕልዋ ካብ ስልጣኑ ድሕሪ ምእላዩ፡ ክልተ ግዜ ቀዳማይ ሚኒስተር ኩይኑ ከምእተመርጸ'ዩ ዝንገረሉ።

ንሱ፡ ብብልሽውና ተኸሲሱ ንዋዕሊ ዓመታት ከይእሰር ብምስጋእ'ዩ ኣብ 2008 ናብ ስደት ኣምሪሑ። ካብ ሸው ኣትሒዙ ከኣ ኣብ ዱባይ - ሕ.ኢ.ዓረብ ዕቑባ ተዋሂቡዎ ይነብር ኣሎ።

እንተኾነ ጓሉ ትማሊ ረቡዕ ብማሕበራዊ መራኸቢ ኣቢላ ኣብ ዝዘርግሓቶ ወግዓዊ ሓበሬታ፡ ታክሲን ዝመጽእ 10 ነሓሰ ታይላንድ ክኣቱ ወሲኑ ምህላዉ ሓቢራ።

እቲ ውሳኔ ኣብ ኩሉም ኣባላት ስድራቤቱ ዝተፈራረቐ ታሕጓስን ስግኣትን ኣሰዒቡ ከምዘሎ'ውን ወሲኻ ኣመልኪታ።

ምኽትል ኣዛዚ ሃገራዊ ፖሊስ ታይላንድ ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ታክሲን ሺንዋትራ ናብ ሃገሩ እንተ ተመሊሱ፡ ኣብ ዘበነ ስልጣኑ ብዝፈጸሞም ገበናት ደሮ ተኸሲሱ ስለዘሎ፡ ብኡ ንብኡ ተቐይዱ ናብ ሕጊ ክቐርብ ምዃኑ ኣፍሊጡ።

ንሱ፡ በቲ ተመስሪትሉ ዘሎ ሓያለ ክሲታት ገበኛ ኩይኑ ምስ ዝርከብ ክሳብ 10 ዓመት ዝጸንሕ ማእሰርቲ ክጸንዮ ምዃኑ'ዩ ዝገለጸ።

## ኔዘርላንድስ - ኣሽሓት መካይን ዝጸዓነት መርከብ ተቓጺላ

ኣብ ገማግም ባሕሪ ኔዘርላንድስ፡ ኣስታት 3 ሽሕ ተሽከርከርቲ ጸዒና ዝነበረት ዓባይ መርከብ ትማሊ ረቡዕ ብዘጋጠማ ሓደጋ ባርዕ ክትቃጸል ከምእተራእየት ተሓቢሩ።

በቲ ሓደጋ ሓደ ሰብ ከምዝሞተን ካልኦት ቁጽሮም ዘይተፈልጠ ብዙሓት ድማ



ከምዝቘሰሉን ሰብመዚ'ታ ሃገር ገሊጻም።

እታ ብስም ፓናማ ዝተመዝገበት 199 ሜትሮ ዝንውሓታ ዓባይ መርከብ፡ ካብ ጀርመን ንቒላ ናብ ግብጺ ተምርሕ ምንባራ ዝሓበሩ እቶም ሰብመዚ፡ ብዙሓት ሰራሕተኛታታ ካብቲ ባርዕ ንምድሓን ዘለለም ናብቲ ባሕሪ ክኣትዉ ከምእተገደዱ ኣረዲኦም።

ብመሰረት እቶም ሰብመዚ፡ ዋላ'ኳ ናይ ድሕነት መራኸቢ ብምምጻእ ማይ እናንጨበ ነቲ ባርዕ ከጥፍእኦ እንተፈተኑ፡ እቲ ስጉምቲ ግን እታ መርከብ ማይ መሊኣ ናይ ምጥሓል ሓደጋ ከምዘጋጥማ'ዩ ጊዩሩዋ።

ስለዝኾነ ድማ ካብቲ ናይ ምጥሓል ሓደጋ ንኽትድሕን እትሕግዝ ካልእ ፍልይቲ መርከብ ከምእትመጽእ ተገይሩ።

እቲ ባርዕ ኸኣ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ክኣቱ ከምዝኸኣል ዝሓበረ ሓይሊ ባሕሪ ኔዘርላንድስ ድማ፡ ጠንቁ እንታይ ምዃኑ ከምዘይተፈልጠ ሓቢሩ።

እንተኾነ ወሃቢ ቃል ናይቲ ኣሃዱ ኣቐዲሙ ንሮይተርስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ባርዕ ኣብ ጉድኒ ሓንቲ ብኤለክትሪክ እትሰርሕ መኪና ከምዝጀመረ ብምጥቃስ፡ እቲ ጠንቂ ባርዒ ናይ'ተን ተጻዒነን ዝነበራ መካይን ክኸውን ከምዝኽእል ኣሚቱ ነይሩ።

ኣብ ለካቲት 2022 እውን ኣብ ገማግም ባሕሪ ፖርቱጋል፡ ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ናይ ጽዕነት መርከብ ተመሳሳሊ ሓደጋ ኣጋጢሙ ከምዝነበረ፡ ከም ሳዕቤኑ ድማ ኣብታ መርከብ ተጻዒነን ዝነበራ ብኣሽሓት ዝቝጸራ ክቡራት ናይ መጓዓዝያ ተሽከርከርቲ በቲ ባርዕ ከምእተሃሞኻ ናይ ሸው ጸብጻባት የመልክቱ።

## ፕረዚደንት ኬንያ ዊልያም ሩቶ ምስ መራሒ ተቓዋሚ ሰልፊ ንምዝርራብ ጸዊዑ

ኣብ ኬንያ ተራእዩ ብዘሎ ክቡሪ ዋጋ መነባብሮ ዝተለዓዓለ ናዕቢ ኣብ ዝቕጽለሉ ዘሎ እዋን፡ ፕረዚደንት ዊልያም ሩቶ ምስ መራሒ ተቓዋሚ ሰልፊ'ታ ሃገር ራይላ ኦዲንጋ ተራኺቡ ክዘራረብ ከምዝደለየ ገሊጹ።

ዊልያም ሩቶ ብመንገዲ ማሕበራዊ መራኸቢ - ትዊተር ኣብ ዝዘርገሖ መግለጺ፡ ምስ ራይላ ኦዲንጋ ገጽ ንገጽ ተራኺቡ፡ ነቲ ተኸሲቱ ዘሎ ጸገማት ናይ ምፍታሕ ድሌት ከምዘለዎ እዩ ኣገዚቡ።

ራይላ ኦዲንጋ፡ ዝሓለፈ ሳልስቲ ንደገፍቱ ኣብ ዘሰመዖ መደረ፡ መንግስቲ ታንዛንያ ንኽልቲኦም ወገናት ኬንያ ክሸምግል ዘቕረቦ ሕቶ - ብመንግስቲ ዊልያም ሩቶ ከምእተነጸገ ብምምልካት፡ “እዚ - መንግስቲ ኬንያ ነቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ጸገማት ንምፍታሕ ድሌት ከምዘይብሉ ዘርኢ እዩ” ክብል ከሲሱ።



እቲ ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫታት ኬንያ ብተደጋጋሚ ተወዲዱ ዘይተዓወተ ፖለቲከኛ፡ ነቲ መንግስቲ ኬንያ ኣብ ቀረባ እዋን ዘተኣታተዎ ወሰኽ ቀረጽን ሓፈሻዊ ናህሪ ዋጋታት ንበረትን ብምቅዋም፡ ደገፍቱ ኣብ ጎደናታት ወጺኦም ክቃወሙ ገሲጾሶት ይዝብር ከምዘሎ እዩ ዝገለጸ።

ኣብታ ሃገር እናዘረ ብዝመጽእ ዘሎ ዋጋ መነባብሮ ዝተቓጥዑ ኣሽሓት ኬንያውያን፡ ንካልኣይ ወርሒ ዝቕጽለ - ኣብ ናይሮቢን ካልኦት ዓበይቲ ከተማታት'ታ ሃገርን ኣንጻር መንግስቲ ዊልያም ሩቶ ዝቐንዐ ናዕቢ ዝተሓወሶ ሰልፊ የካይዱ ምህላዎም ዝፍለጥ እዩ።

ብፍላይ ኣብ ናይሮቢ ካብ ዝሓለፈ ሰ ኣትሒዙ ኣብ ዝቐጽል ዘሎ ናዕቢ፡ ኣብ መንጎ ፖሊስን ናዕበኛታትን ተደጋጋሚ ግጭት ከምእተኸሰተ፡ ብሰንኩ ከኣ ህይወት 10'ታት ሰባት ከምዝጠፍአ ጸብጻባት የመልክቱ።

ኣብቲ ናዕቢ ዝተሓወሶ ተቓውሞ ዝሰተፉ ዘለዉ ኣሽሓት ዜጋታት ኬንያ፡ ዊልያም ሩቶ ነቲ ኣብ እዋን ፕረዚደንታዊ ምርጫ ዝኣተዎ መብጽዓ ይትግበር ከምዝጸለ እያም ዘማርሩ።



Sabur Printing Services